ሓድነት ሓይሊ ኢዩ!

ሓድነት ሓይሊ ኢዩ!

# ናይ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

## ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መደብ-ዕዮ

ኣብ መስመሪ ጉባኤ ዝጸደቐ
19 ታሕሳስ 2010

ሓድነት ሓይሊ ኢዩ!

ሓድነት ሓይሊ ኢዩ!

**ናይ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ**
**/ደግሓኤ/**

**ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መደብ-ዕዮ**

<u>ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)</u>

***መእተዊ፡***

ህዝብታት ኤርትራ ከም ሓደ ስሙር ሕብረተ-ሰብ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ንምውጻእ፡ ዝተማለአ ሃገራዊ ናጽነትን ልዑላውነትን ንምርግጋጽ፡ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ተባራረይቲ መግዛእታዊ ስርዓታት ንከባቢ ሓደ ዘመን ዝኣክል ተቓሊሶም’ዮም። ኣውራ ድማ፡ ኣብ በበይኑ መድረኻት ኣንጻር’ቶም ሓንሳብ ብናይ ኣመሪካ፡ ካልእ ግዜ ድማ ብናይ ሶቭየት ሕብረት ልዕለ-ሓያላን ሓይልታት ገዚፍ ግዳማዊ ገንዘባውን ወተሃደራውን ደገፉት ጠጠው ዝብሉ ዝነበሩ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ነዊሕን መሪርን ሃገራዊ ጅግንነታዊ ቃልስታት ኣካይዶም’ዮም። ህዝብታት ኤርትራ ሃገራዊ ናጽነት ንምጉንጻፍ ከከም ደረጃ ሃገራዊ ስምዒቶምን ንቕሓቶምን፡ ብዘይ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ኣውራጃውን ጾታውን ኣፈላላይ ኣብ ጎኒ ፍትሓውን ሕጋውን ሃገራዊ ሕቶኦም ብምስላፍ፡ ናብ ወሎዶታት ክሰጋገር ዝነብረ፡ ዋጋ ሃገራዊ ናጽነት ዝኾነ ዘኹርዕ ክቡር መስዋእቲ ብምኽፋል ሃገራዊ ናጽነቶምን ልዑላውነቶምን ብግንቦት 1991 ኣረጋጊጾም።

ድሕሪ ምሕራር ኤርትራ፡ ንናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ’ውን ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ብኣህጉራዊ ሕጊ ንምውሓስ ዝጠልብ መድረኽ ሪፈረንዱም ክመጽእ ኮይኑ። እዚ ከኣ ናይቲ ዝተናወሐ ዕጥቃዊ ቃልሲ ፍሉይ ፖለቲካዊ መቐጸልታ’ዩ ነይሩ። ህዝብታት ኤርትራ ዕማም ሪፈረንዱም ብሰላማዊ፣ ደሞክራስያውን ሕጋውን መንገዲ ኣብ ረብሓ ሃገራዊ ናጽነት ብምውዓል ኣብ ሚያዝያ 1993 ብዝተኻየደ ዕዉት ሪፈረንዱም 99-8% “እወ ንናጽነት” ብምድማጽ፡ ብግንቦት 1993 ሃገራዊ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገር ኤርትራ ዘለዎም ኮይኖም። እዚ ህያው ዝኾነ ሃገራዊ ናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ፡ ኣብ መዋእል ባዕዳውያን መግዛእቲ፡ ኣንጻር ባዕዳውያን ገዛእቲ፡ ህዝብታት ኤርትራ ዝተዋህለለን ዝዓበየን ስሩጽ ሃገራውነትን ሃገራዊ ሓድነትን ቀጥታዊ ውጽኢትን ጽዑቕ መግለጽን እዩ።

ሕቶ ሃገራዊ ናጽነት ንገዛእ ርእሱ ሕቶ ደሞክራሲ’ዩ። ናይ ደሞክርስያዊ መሰላቱ ተጠቃሚ ምዃኑ ዝተኸልከለ ህዝቢ፡ ሓቀኛ ተረባሒ ሃገራዊ ናጽነት ክኸውን ኣይክእልን’ዩ። ሃገራዊ ናጽነትን፡ ናይ ህዝብታትን ዜጋታትን ደሞክራስያዊ መሰልን ዝተፈላለዩን ዝነጻጸሉን ወይ’ውን ቅዱምን ድሑርን ኮይኖም ዝፍትሑ ጉዳያት ኣይኮኑን። ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ናጽነትን ልዑላውነትን ምስ ተረጋገጸ፡ ናይ’ቶም ምእንቲ’ዚ ሃገራዊ ዕላማ’ዚ ዝተቓለሱ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ነጻ ኤርትራ ሕቶ ደሞክራሲ ሽዑ ንሽዑ ክረጋገጸሎም ይግባእ ነይሩ። ናይ ህዝብታት ኤርትራ ስሉጥ ምዕባለ ዓጊቱ ህዝብታትና ኣደዳ ኩናትን ምብትታንን ክኾኑ ዝገበረ ብቐንዱ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ’ዩ። እዚ ጸላኢ’ዚ ኣብ ዝተወገደሉን፡ ናይ ሃገራዊ ነጻነት መዋእል ሓድሽ መድረኽ ኣብ ዝተኸፍተሉን እዋን ኣብ ቅድሚ ህዝብታትና ተገቲሮም ደው ዝበሉ መሰረታውያን ጸላእቲ ድሕረት ድኽነት ምሃይምነትን’ዮም ነይሮም። እዞም ሓያላን ጸላእቲ ዚኣቶም ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ጥራሕ’ዮም ዝውገዱ። ነዚ ዘገልግልን ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥርን ቅድመ-ኩነት፡ ናይ ዜጋታት ደሞክራስያዊ መሰል ዘኽብር፣ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ደሞክራስያውን ፍትሓውን ማዕርነታዊ ተሳትፎ ዘማልእ፣ ሃገራዊ ምዕሩይ ስልጣን ዝሃንጽ፡ ነገራውን መንፈሳውን ሃገራዊ ዓቕሚታት ብሃገር ከደን ደረጃ ኣወሃሂዱ መንገዲ ምዕሩይ ሃገራዊ ልምዓት ዝኽተልን፡ ሰልፍታት ተወዳዲሮም ብሰላማዊ ደሞክራስያዊ መንገዲ ስልጣን ዝሕዝሉ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል’ዩ። እዚ ከኣ ናይ ህዝብታት ኤርትራ መሰረታዊ ደሞክራስያዊ ድሌት’ዩ።

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

ህዝብታት ኤርትራ ኣብ መዋእል መግዛእቲ፡ ብድኽነትን ድሕረትን ዘመነ-ሕሰመ መከራ ዘሕለፉ ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቶም ዝተዓፈኑ'ዮም ነይሮም። ክብሪ ሃገራዊ መንነቶም ዝተጋህሱ'ዮም ነይሮም። ብናይ "ዓድታት ምንዳድ" መግዛእታዊ ፖሊሲ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ብርሰትን ተሳጢሖም'ዮም ነይሮም። ካብ ናይ መግዛእቲ ኩሉ መልከዓት ዓፈናን ምስራዝ ሃገራውነትን ምብትታንን ንምድሓን፡ ሃገራዊ ናጽነቶምን ደሞክራስያዊ መሰሎምን ተኸቢሩሎምን ኣብ መሬት ሃገሮም ናይ ምንባር መሰል ዘለዎም ንክኾኑ'ዮም፡ ናይ ውድባት ፖለቲካዊ ፍልልያት ብዘየገድስ ብሕብረ-ተሰብ ደረጃ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ዝተቓለሱ።

መግዛእታዊ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ክፍጽምዎ ዝጸንሑ ኩሉ መልከዓት ግፍዕታትን ኣድልዎን፡ ኣብ ነጻ ኤርትራ ብዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኤርትራ ክድገም ናይ ህዝብታትና ድልየትን ትጽቢትን ኣይነበረን። ኣብ'ታ ናይ ሓባራዊ ሃገራዊ ቃልስታቶም ውጽኢት ዝኾነት ነጻን ልዑላዊትን ኤርትራ፡ ናይ ፖለቲካ፣ ናይ ብሄር፣ ናይ ሃይማኖትን ናይ ጾታን ማዕርነትን ናይ ሂወት ድሕነትን ቅዋማዊ ውሕስነት ክህልዎም ይግባእ ነይሩ። በዚ መሰረት ናይ ኩሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዜጋታትን ዘይተዃደለ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ዘኽብርን፡ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ምምቕራሕ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣንን፣ ፍትሓዊ ምክፍፋል ሃገራዊ ሃብትን ዘረጋግጽ፡ ኣብ ሰፊሕ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ሂወት ህዝብታትና ዝተሰረተ ደሞክራስያዊ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት ምትካል'ዩ፡ ደሞክራስያዊ ድልየት ህዝብታትና ኮይኑ ዝጸንሐን ዘሎን። ህዝብታት ኤርትራ ድሕሪ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ህዝብታትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን ዝተመሰረተ ሓባራዊ መነባብሮ ክህልዎም'ዩ ትጽቢት ነይሩ። እዚ ናይ ህዝብታትና ደሞክራስያዊ ድልየት ድማ፡ ካብቲ ሃገርና ኤርትራ እትሓቕፎን እተማልኦን ሕብረ-ብሄራዊት ሃገር ፖለቲካዊ፣ ብሄራውን ሃይማኖታውን ብዙሕነታዊ ረቛሒታት ዝብገስ ወድዓውን ታሪኻውን'ዩ። ባህግን ትጽቢትን ህዝብታትና'ውን ኣብ ነጻ ልዑላዊት ሃገሮም፡ ነዚ ዘይተዃደለ መሰላቶም'ዚ ንምጕንጻፍ'ዩ ዝነበረ።

### መስርሕ ጸረ-ባዕዳዊ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራን ብድሆታቱን

እዚ ሕጂ ሃገርና ውዲቓቶ ዘላ ናይ ጭቆናን ዓፈናን ጸሊም ታሪኽ፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ ብሃንደበት ዱብ ኢሉ ዝመጸ ዕዳ ዘይኮነስ፡ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ እኩብ ድምር ናይ ጸረ-ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባታትን ድሕረትን ውጽኢት'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ነዊሕ መስርሕ ተጋድሎና ሰፊኑ ዝጸንሐ ኣረኣእያን ተግባርን ኮይኑ፡ ብደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ልዕልናን ክትካእን ዕወትን ናይ ዘየከኣለ ተመክሮን ታሪኽን ኮይኑ ብቑዕ ኣመራርሓ ናይ ዘምርግጋጽ ውጽኢት'ዩ። መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎና ከኣ፡ ሓደ ዓቢ ክፋልን ወሳንን ናይ'ዚ ተመክሮ'ዚ ኮይኑ፡ ህዝብታት ኤርትራ እቲ ኩሉ ብሰላማዊ ኣገባብ ዝገበርዎ ተጋድሎ ፍረ ውጽኢት ክህብ ኣብ ዘይከኣለሉ ዕጹው ደረጃ ምስ በጽሑ'ዮም ናብ ዓመጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ክሰጋገሩ ግድን ዝኾኖም'ምበር፡ ፍትሓዊ ሓርነታዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ክፍታሕ ስለ ዝጸልኡ ኣይኮኑን።
ምጅማር ብረታዊ ተዳሎ ነጸብራቕ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ መስርሕ ተጋድሎ ይኹን ደኣምበር ናብ'ዚ ኣገባብ ቃልሲ'ዚ ምስግጋሩ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ኮይኑ፡ ትኽክለኛ እስትራተጂን

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

ሜላን ጥበብን ኣወዳድባን ብምኽታል ፈተውትን ጸላእትን ብልክዕ ኣቐሚጡ ክብገስ ብዘይምኽኣሉ፡ ከቢድ ዕንቅፋታት'ዩ ገጢምዎ። እዚ ኣብ ውሽጢ መርሕ ብረታዊ ተጋድሎ እቲ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰውራ ከበድቲ ንዋታዊ፣ ሰብኣዊ፣ ሞራላውን ፖለቲካውን ክስራታት ድሕሪ ምስዓቡ ዝተኻየደ፡ ቀጺሎም ዝተረጋገጹ ኣወንታዊ ምዕብልናታትን'ኳ እንተነበሩ፡ ብሰንኪ ልዕልና ናይ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ዘይምርግጋጹ እቲ ሰውራ ካብ ምንጽጻጋትን ዘይሃንጺ ምውድዳራትን ምፍንጫላትን ኲናት ሕድሕድን ክድሕን ኣይከኣለን። በዚ ዝኣክል ከኣ እቲ "ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብን መሪሕነትን ሰራዊትን ንላዕሊ ክጸውር ኣይክእልን'ዩ" ዝብል ዘይደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ገዛኢ ኮይኑ፡ ክስረሓሉ ዝፍተን ዝነበረ ሜዳ ኤርትራ ሕብረ-ውድባዊ ክውንነት ናይ ዝተፈናጨላ ውድባት ክጸውር'ዩ ብውድዕነቱ ኣብ ባይታ ክውን ዝኾነ።

በዚ ከኣ ካብ 1970 ኣትሒዙ ብሓደ ሸነኽ ተ.ሓ.ኤ. ብካልእ ሸነኽ ከኣ ህ.ሓ.ሓ.ኤ. /ህ.ግ.ሓ.ኤ./ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ክልቲኣተን ውድባት ብወሳኒ ነቲ መስርሕ ናይ ቃልሲ ዝተቖጻጸራኦ ኮይኑ፡ ካብ ተራ ሃገራውነት ዘይሓልፋ ውድባት ኮይነን'የን ዝቐጸላ። በዚ ከም ሃገራውያን ውድባት ኣብ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእታዊ ተጋድሎ ናተን ኣገዳሲ ኣወንታዊ ተራ ዝተጻወታ'ኳ እንተነበራ፡ ካልኣዊ ፍልልያተን ካልኣዊ ቦታ ብምትሓዝ ኩሉ ዓቕምታት ሰውራና ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ከቕንዕ ዝገብር ናይ ሓድነት መርሐ ሒዘን ክዓዓዛ ስለ ዘይበቕዓ ምስ'ቲ ኩሉ ናይ ጸላኢ ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ቀንጻሊ ናይ ምትንኳል ሜላታት መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ክናዋሕን ዕምሪ ጸላኢ ቀልጢፉ ከይሓጽርን ናቱ ኣሉታዊ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ እቲ ናይ ምፍንጫል ተመክሮ ከም'ዚ ኢሉ በብግዚኡ እንዳዓበየ ዝመጸ ኮይኑ፡ ድሕሪ ናይ ሰማንያታት ዝተኻየደ ኲናት ሕድሕድ ተሓኤ ብሰንኪ ውሽጣዊ ዘይብቕዓታን ግዳማዊ ዝተቐነባበረ መጥቃዕቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ህ.ወ.ሓ.ት. ን ካብ ሜዳ ኤርትራ ምስ ወጸት እቲ ምፍንጫል እንዳሰፍሐ መጺኡ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብርክት ዝበላ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ከተኣናግድ ኮይኑ።

እቲ ብድሕሪ'ዚ ክውንነት'ዚ ዝተሰላሰለ ብረታዊ ተጋድሎ ብወሳንነት ንሜዳ ኤርትራ ዝተቖጻጸረ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝተኻየደን ብኡ ዝተዛዘመን ይኹን ደኣምበር፡ እቲ ካልእ ሃገራዊ ሓይልታት'ውን ምስ ጭቡጥ ውድዕነቱን ኩነታቱን ኣዛሚድካ ክረአ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ምሉእ መስርሕ ናይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምስ'ቲ ኩሉ ናይ ጽበትን ኣተሓሳስባታትን ኣካይዳታትን ናቶም ተራ ነይሮዎም'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. መቐጸልታ ናይ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ውድዕነት ውጽኢት ኮይኑ ብሓይሊ ብረት ናብ መንግስታዊ ስልጣን ዝተሰጋገረ ይኹን ደኣምበር፡ ምስ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ እቲ ሓርበኛዊ ተርኡ ተጸንቂቑ፡ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብናይ ገባራይ ሓዳጋይነት ውልቀ ሰብን ጃንዳዊ ኣመራርሓ ገዛኢ ስርዓትን ኮይኑ፡ ስቓይ ህዝቢ ኤርትራ ክናዋሕ ዝገበረ'ዩ።

### ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ህግደፍን<br>ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራን

ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነቶምን ሰብኣዊ ክብሮምን ክብሉ ኣንጻር ቀጥታዊ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይልታት ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ኣካይዶም፡ ነጻ ዝኾነት ኤርትራ ኣረጋጊጾም'ዮም። እዚ ኣብ ታሪኽ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ተጋድሎ ህዝብታትን

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

ዓለምን ኣገዳሲ ምዕራፍ ዝሕዝ'ዩ። እዚ ብሰፍ ዘይብል ከቢድ መስዋእቲ ዝተረጋገጸ ዓወት'ዚ ግን፡ ካብ ቀጥታዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምብራርን ልዑላነት ኤርትራ ምርግጋጽን ሓሊፉ፡ እቲ ንከባቢ 20 ዓመት ሰላማዊ ቃልሲ፣ ድሕሩ ኸኣ ን30 ዓመታት ጽዕጹዕ ብረታዊ ተጋድሎ ብምክያድ ሙሉእ ሓርነት ክጓናጸፍ ዝነበሮ ትጽቢት ተግባራዊ ክኸውን ኣይከኣለን። ብሓጺሩ፡ ዓወቱ ካብ ምርግጋጽ ተራ ሃገራዊ ናጽነት ንላዕሊ ክሓልፍ ኣይከኣለን። ስለዚ ኸኣ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ከም ድልየቱ ክይዛረብ፣ ሓሳቡ ብጽሑፍ ክይገልጽ፣ ብነጻ ኣብ ዝመስሎን ኣብ ዝኣምነሉ ክይውደብ፣ ብነጻ ክይንቀሳቐስ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ክይገብርን ተኸልኪሉ --- ወዘተ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቱ ተረጊጹ፡ ምዕባሌኡ ተኾሊፉ፡ ሰላምን ደሞክራስን ዝሰፈኖ ሕብረተ-ሰብ ክሃንጽ ኣይከኣለን። ናይ'ዚ ምኽንያት ከኣ፡ እቲ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብኢደ-ወነኑ ፖለቲካዊ ኣልጣን ሒዙ ዘሎ መንግስቲ ህግደፍ፡ ናይ ሓፋሽ ደሞክራስያዊ መሰል ዘይሕሉ፣ ነጻ ሃገራዊ ምጣነ-ሃብቲ ( ኢኮኖሚ) ንምህናጽ ምቹእ ባይታ ዘይፈጥር፣ ምዕቡልን ገስጋስን ማሕበራዊ ሂወት ክፈጥር ብባህሪኡ ዘይበቅዕ፣ ነጻ ናይ ወጻኢ ቅዋም ዘይክተል፣ ብኣንጻሩ ጽግዕተኛን ጸሕታሪ ኹናትን ኮይኑ፡ ብኣጠቓላሊ ንዉጹዕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢድ- ኣዙር መግዛእቲ ኣእትዩ፡ ንክብርን መስልን ረብሓን ናጽነትን ህዝብታት ኤርትራ ንናይ ወጻኢ ሓይልታትን ተረፍ-መረፍ መስፍናዊ ኣተሓሳባን ድሕረትን ድኽነትን ዘሳጥሕ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ስለዝኾነ እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ እዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ትምክሕታዊ ገዛኢ ደርቢ፡ ካብ ብሄር ትግርኛ ናይ ዝወጹ ዉሑዳት ዓብላልነቶም ዘረጋገጹ ቢሮክርስያውያን ትምክሕተኛታት ኮይኑ፡ ናይ ገዛእቲ ደርብታት ኤርትራ ጥቕምታት ዝዉክልን ዝጣበቕን መንግስቲ እዩ። እዚ ብስም ዉጹዕ ብሄር ትግርኛ እናሸቀጠ፡ ንዉጹዕ ህዝቢ ትግርኛ ብሕሱም ደርባዊ ጭቆና፡ ንዝተረፉ ዉጹዓት ህዝብታት ከኣ ብሕሱም ብሄራውን ደርባውን ጭቆናታት ዘሳቒ ዘሎ ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ ጨፍጫፊ ስርዓት'ዩ። ቀጥታ ድሕሪ ምርግጋጽ ልዑላውነት ኤርትራ ኸኣ፡ መሊኡ ሓርበኛዊ ተርኡ ተጸንቂቑ ናብ ሙሉእ ገዛኢ ደርቢ ተሰጋጊሩ፡ ጽግዕተኛ ርእሰ-ማላዊ ስርዓት ብምዃን፡ ስትራተጂካዊ ጸላኢ ዉጹዓት ህዝብታት ኤርትራ እዩ ኮይኑ። ናይ'ዚ ጠንቂ ከኣ፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎኦም ብቑዕ መሪሕ ውድብ ስኢኖም፡ ብልዕልነት ናይ ተራ ሃገራውያን ሓይልታትን ድኻም ናይ ደሞክራስያውያን ሓይልታትን፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስውርኦም መሊኡ ክዕወት ብዘይምኽኣሉ እዩ።

እዚ ስለዝኾነ ከኣ'ዩ፡ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ብጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን መንግስቲ ህግደፍ ምዕባሌኦም ተዓጊቱ፡ ንብሄራውን ደርባውን ጭቆና ተቓሊዖም፡ ሰላምን ደሞክራስን ምዕባሌን ስኢኖም፡ ኣብ ሓሳረ-መከራ ወዲቖም ዘለዉ። እዚ ዝበዝሕ ጭቁን ክፍልታት ናይ ሕብረተ-ሰብና ብሓፈሻ፡ እቲ ዓንዲ-ሕቖ ስውርና ዝኾነ ገባራይ ከኣ ብፍላይ፡ ናይ ፍርያቱ ነጻ ተጠቃማይ ክይኸውን፣ ካብ ድሕረት ክይናገፍን ምዕባሌኡ ተዓጊቱ'ዩ። ጽግዕተኛ ቢሮክርስያዊ ስርዓት መንግስቲ ህግደፍ ዝገበሮ ናይ መሬት በሓቲ ኣዋጃትን ሰፍ ዘይብል ግብርን ዘይፍትሓዊ ክፍሊታትን ኣስገዳዳዊ ዝኾነ ምፍንቓላትን፡ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝካየዱ ግፉታትን ዘይፍትሓዊ ኲናትን ሓሳረ መከርኡ ርእዩ እዩ። ብሓጺሩ ሓፋሽ ገባራይ ክሓልፈሉ ዝኽእል፡ ብፍትሓውን ደሞክራስይውን ናይ መሬት ምዕዳልን ምድልዳልን ለውጢ ምስ ዝረጋገጽን፡ ናቱ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ምስ ዝህልዎን፡ ማእከሉ ገጠርን ገባርን ገይሩ ዝረባርብ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምስ ዝተክልን ጥራሕ'ዩ፡ ንቕድሚት ክውንጨፍ ዝኽእል።

ሻቃላይ ኤርትራ ሓደ ካብ’ቶም ኣዝዮም ዉጹዓት ክፍልታት ሕብረተሰብና እዩ። መንግስቲ ህግደፍን ንእስትራተጂካዊ ረብሓታቶም ክብሉ ዝምውልዎ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን፡ ካብ ኤርትራ ሕልፍን ትርፍን ዝኾነ መኽሰባት ንምግሓጥን መራገፊ ናይ ወጻኢ ሸቀጦም ንምግባራን፡ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ቁጠባዊ ምንጭታት ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሮም የእትዮሞ ይርከቡ። ንሸቃላይ ኤርትራ ጉልበቱ ብሕሱር እናገዝኡ፡ ሕሉፍ ምዝመዛ ብምኽያድን መነባብርኡ ካብ ኢዱ ናብ ኣፉ ምብጻሕ ስኢኑ፡ ብክብሪ መነባበሮን ስራሕ ኣልቦነትን ብድኽነትን ዘይፍትሓዊ ኩናትን የማስንዎ ኣለዉ።
እቲ ሓፋሽ ከተመኛ፡ ንኡስ ወናኒ ዝኾነ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና’ውን እንተኾነ፡ ብመንግስቲ ህግደፍ ሰብኣውን ደሞክርስያውን መሰሉ ተጨፍሊቑ፡ ኩሉ ቁጠባዊ ትካላት ተገቢቱ፡ ነጊዱ ዝነበረሉ ዕድል ጸቢብዎ፡ ብሕሉፍ ምዝመዛ ድኩቱ ስትዩ፡ ኣብ መነባብርኡ ለውጢ ክርኢ ኣይከኣለን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ገባራይ ንሱ’ውን እንተኾነ፡ ደቁ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ብሓይሊ እናተገፈፉ፡ ኣብ ዘይፍትሓዊ ኲናት ኣትዮም ክጥበሱን ማእቶታዊ ዓቕሞም ክርመስን’ዮም ኮይኖም ዘለዉ።
ሃገራውያን ርእስ-ማላውያን እንተኾነ’ውን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ጨናፍራት ናይ’ታ ሃገር ርእስማሎም ኣዋፊሮም ንነብሶምን ንሃገሮምን ዘርብሕ ምጣነ-ሃብታዊ ምዕባሌ ከየረጋግጹ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ብዝጨበጠ ጽግዕተኛ መንግስቲ ህግደፍን ጎይቶቱ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ሕሉፍ ምዝመዛ ምዕባሌኦም ተዓጊቱ፡ ርእስማሎም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ ንውድቀቱ ዘሳጥሕ ኩነታት’ዩ ተኸሲቱ ዘሎ። በዚ ኸኣ’ዩ፡ እዚ ክፍሊ’ዚ ርእስማሉ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ከዋፍሮ ግድን ኮይንዎ ኣብ ፋሕተርተር ምባል ዝኣተወ።
ኤርትራዊ ምሁር ደሞክራስያዊ መሰላቱ ተሓልዩሉ፡ ዘጥርዮ ፍልጠትን ክእለትን፡ ናይ ስራሕን ምርምርን ዕድላት ረኺቡ ንነብሱን ንሃገሩን ከገልግል ኣይከኣለን። ንጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክርስን መንግስቲ ህግደፍ ምድጋፍን ዘይምድጋፍን ከም መዐቀኒ ምሁራዊ ብቕዓቱ ተወሲዱ፡ ብዝተፈላለየ ጥቕምታትን ናይ ሓሶት ደማ-ጎጅያዊ (ኣስካሪ) ስበኻታትን፡ ንትምክሕትነትን ጸሕታሪ ኵናት ባህሪያቱን ደጊፉ ጠጠው ዝበለ ዉሑድ ኣይኮነን ጸኒሑን ዘሎን።

ተረከብቲ ሕድሪ ዝኾኑ መንእስያት ብሰንኪ ኣዕናዊ ፖሊሲታት መንግስቲ ህግደፍ ምዕባለኦም ተኾሊፉ ኣብ ከቢድ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ወዲቖም፡ ኣብ ፈቖዶ ካምቦታት ስርዓት ህግደፍ ጅሆ ክተሓዙን፡ ከም ጊላ ተገዲዶም ኣገልገልቱ ክኾኑን ንማእሰርትን መርሸንትን ስደትን ተፈሪዶም ኣብ ዝዝኣጎዶ ዘይፍትሓዊ ኲናት ክጥበሱን ክሞቱን ሓሳረ መከርኦም ይሪኡ ኣለውን። ብሓደ ሸነክ በዚ ጸረ-ደሞክራስያዊ ቀጻሊ ናይ ስርዓት ህግደፍ ኣዕናዊ ፖሊሲታት ናይ ብዙሓት ልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ስምዒቶምን ክቕተል እንከሎ ብካልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኣብ ደሞክራስያዊ ተጋድሎና ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ገና ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ምዕባለ ኣብ ዘይተሰጋገረሉን ካብ ድሕረት መሊኡ ኣብ ዘይተናገፈሉን ውድዕነት ብምህላውና ዝህልዎ ኣሉታዊ ጽልዋ’ውን ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን።
ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኾና ጭቁናት ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ተቓሊሰን ከም ዘይተቓለሳ ኮይነን ከም ኩሉ ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታትና መሰል ኣልቦ ኮይነን ኣብ ምስቓይ ይርከባ ኣለዋ። መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ከም ኣሕዋተን ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ግዱድ ዕስክርና ጊላዊ ሸቕለት ከበርክታ እናተገደዳ ይሳቐያ ኣለዋ። እተን ካብ ግዱድ ዕስክርናን ጊላዊ ሸቕለትን ወጻኢ ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ኣብ ትሕቲ ኢደ-በይዛ ናይ’ቲ ኣረሜናዊ

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

ስርዓት ዝኾነት ስማዊት ማሕበር ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ/ ሃማደኤ/ በስጉዳድ እናተወደባ ብገንዘበን፡ ብፍልጠተን፡ ብውላደንን ከገልግላ እናተቐሰባ ብደርባውን ጸጥታውን ጭቆና ኣብ ምስቓይ ዝርከባ ዘለዋ'የን።
ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ብትሽዓተ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዝቖመ ሕብረ-ብሄራዊ ህዝቢ'ዩ። ንሳተን ከኣ ትግርኛ፣ ትግረ፣ ብሌን፣ ኩናማ፣ ናራ፣ ሕዳርብ ( በጃ)፣ ሳሆ፣ ዓፋርን ራሻይዳን ከኾኑ እንከለው፡ ኤሊት ዝበሃል ህላወኡ እናተዳኸመ ዝመጸ እናተዳኸመ ዝኸይድ ዘሎን ማሕበራዊ ዕቃበ ዘድልዮን ክፋሊ ሕብረተሰብና እውን ኣሎ እዩ። እዘን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን እዚኣተን ብሰንኪ ተበራረይቲ ባዕዳውያን መግዛእታዊ ሓይልታት፡ ተመጣጣኒ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምዕባለ የብለንን። ግን ከኣ፡ ካብ መጀመርታ ኣርባዓታት ክሳብ መጀመርታ ተስዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ኣብ ዝተኻየዱ ሰላማውን ዕጥቃውን ናጽነታዊ ቃልስታት ዘማዕበለአ ሓባራዊ ሃገርነትን መንነትን ሓድነትን ኣለወን። እዚ ሃገራዊ ሓባራዊ ረቛሒ'ዚ ብቐጻሊ ክምዕብልን ክስርጽን ዝገብር መሰረታዊ ቅድመ-ኩነት፡ ናይ ዜጋታት ደሞክራስያዊ መሰልን፡ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን መሰልን፡ ደሞክራስያዊ ማዕርነትን ሓድነትን ቅዋማዊ ውሕስነት ክረክብ እንከሎ ጥራሕ'ዩ። እዚ ቅድመ-ኩነት'ዚ ኣብ ዘይተማለአላ ኤርትራ ህውከት ክስፍን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሓደጋ ብምትታን ሃገር ከንጸላሉ'ውን እዩ ዝኸውን። ብተግባር ከኣ ዝረአ ዘሎ'ዩ።

ናይ መንግስቲ ህግደፍ ናይ ሓድነት ኣረኣእያ ኣብ ናይ ህዝብታት ፍቶታዊ ደሞክራስያዊ ማዕርነታዊ ሓድነት ዝተሰረተ ዘይኮነስ፡ ከም'ቲ ናይ ፋሽስታዊ ደርግ ብቐዳምነት ኣብ ናይ መሬት ሓድነት ዝተሰረተ ኮይኑ፡ ኣብ ሓውን ዓረርን ዝምርኮስ'ዩ። መንግስቲ ህግደፍ ካብ ብሄረ ትግርኛ ናይ ዝወጹ ዉሑዳት ትምክሕታውያን ዝዕብልልዎ ገዛኢ ደርቢ ዝቖመ ከም ምኳኑ መጠን፡ ንናይ ብሄራት ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ብሄራዊ ደሞክራስያዊ መሰላት ብሓይሊ ጨፍሊቑ ብምሓዝ፡ ህዝብታት ኤርትራ ክበታተኑ ዝገብር ዘሎ ስርዓት'ዩ። ነዚ ኸኣ'ዩ "ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዝበሃላ የለዋን፡ እንትርፎ ናይ ቋንቋ ጉጅለታት" ብምባል፡ ህላው ብሄራትን ብሄር-ሰባትን ኤርትራ ዝኸሓደን ብስም ዞባዊ ምምሕዳራት ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ዝኣረገ ሜላ ተጠቒሙ፡ ዘይፍትሓውን ዘይቅኑዕን ምክፍፋል ከገብር ዝጸንሐን ዘሎን። ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ፡ ካብ ናይ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ብሄራዊ ጭቆና ሓራ ንምውጻእ ተላዒሎም ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልስታት ከም ኣብነት ዝጥቀስ'ዩ። ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ደሞክራስያውያን ውደባታት ክዕንብባ ድማ፡ ዘይሕለል ጽኑዕ ስውራዊ ቃልሲ ምክያድ የድሊ። ናይ መንግስቲ ህግደፍ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ፡ ኣብ ማዕርነትን ሓባራዊ ሰላማዊ ናብራን ዝተሰረተ ዘይኮነስ፡ ካብ ጉጅላውን ደርባውን ትምክሕታዊ ጽግዕተኛ ረብሓታትን ረብሓ ናይ ወጻኢ ሓይልታት መሳርሒ ብምኳን ዝብገስ፡ ኣብ ውዲታትን ዓመጽን ዝተሰረተ እዩ። ናይ ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ጎረባብቲ ህዝብታትን ሰላም ዝህውኽ ጸሕታሪ ኵናት ፖሊሲ እዩ።

ኤርትራ ካብ ዝኾነ ናይ ወጻኢ መሳርሒ ሙሉእ ብሙሉእ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ናጽነታ ዘረጋገጸት ሃገር ክትከውን ኣለዋ። ኩሉ ዝዉሰን ንናይ ህዝብታት ረብሓ መሰረት ዝገበረ፡ ጠለባትን ድሌታትን ናይ'ቲ ሓፋሽ ምምላእ ዝዕላምኡ ክኸውን ይህልዎ። ቁጠባኣ ኣብ ነንሕድሕዱ ዝተኣሳሰረን ብቐዳምነት ንናይ ውሽጢ ዕዳጋ ዝጠመተን ክኸውን ይህልዎን ይግባእን። ነዞም ስውራዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት እዚኣቶም ንምዕዋት ድማ፡ እዚ ከይከውን ቀይዶም ሒዞም ዘለዉ ጸላእቲ፤ ጽግዕተኛ ስርዓት ህግደፍ፣ ተረፍ-መረፍ

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ባህልን ናይ ሃገር ናጽነትን ረብሓን ንምጭፍላቕ ዝተኣታተዉ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ምውጋድ የድሊ። ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ሰብኣውን ደሞክርስያውን መሰላቱ ክሕሎ፡ ፍትሒ ክረክብ፡ ደሞክርስያዊ ለውጥታት ክረጋግጽ፡ ሰላም ክረክብ፡ ህዝባዊ ደሞክርስያዊ ቃልሲ ክካየድን ክዕወትን ይህልዎ። ስውራ ኤርትራ፡ ብሰንኪ ልዕልና ናይ ተራ ሃገራዊ ሓይልታትን፡ ድኻም ናይ ደሞክርስያውያን ሓይልታትን፡ ህዝባዊ ደሞክርስያዊ ስውርኡ ክዕወት ኣይከኣለን። እቲ ክውን ሓቂ እዚ ይኹን ደኣ-ምበር፡ ደሞክርስያውያን ሓይልታት ኤርትራ፡ ምስቲ ኩሉ ባዕላዊ ድኽመታቶምን፡ ብውሽጥን ብደገን ዝተጓነፎም ተጻብኦታትን ዕንቅፋታትን ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦታት ጸኒሑዎም'ዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ን ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራን ነዞም ህዝባዊ ደሞክርስያዊ ዕላማታት እዚኦቶም ኣብ መዕረፊኦም ንምብጻሕ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ዘይዕጸፍ ስውራዊ ቃልሲ ክካይዱ እዮም።

### ህዝባዊ ደሞክርስያዊ መድብ-ዕዮ

### ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮ

### ሀ- ምምስራት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡

**1- ኣብ ኤርትራ ጸረ ዉጹዓት ህዝብታት ንዝኾኑ ምውጋድ፡-**

ሀ- ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጽግዕተኛ መንግስቲ ህግደፍ፡
ለ-ብዝተፈላለዩ መልክዓት ንክብርን መሰልን ረብሓን ጭቁናት ህዝብታት ኤርትራ ናብ ረብሐኦም ንምውዓልን ናይ ሃገርና ልዑላውነትን ናጽነትን ንምግሃስን ንምጭፍላቕን ዝተኣታተዉ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን፡
ሐ-ንድሕረትን ድኽነትን መሰረት ዝኾነ ተረፍ-መረፍ መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ባህልን ንምውጋድ ዘይሕለል ጽኑዕ ስውራዊ ቃልሲ ምክያድ።

1.2 ንጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጽግዕተኛ ስርዓት ህግደፍን ንናይ ወጻኢ ሓይልታት ኢድ ምትእትታው ጠቕሚ ንምርግጋጽን፡ ናይ ጭቁን ህዝቢ መሰልን ጠቕምን ንምጭፍላቕን ዝቖመ ጸረ-ህዝቢ መሳርሒታት (ትካላት) ሙሉእ ብሙሉእ ምውጋድ። ኣብ ክንድኡ፡ ብህዝባዊ ደሞክርስያዊ መስመር ዝምራሕ ናይ'ቶም ዝበዝሑ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ መሰልን ረብሓን ዘረጋግጽ ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክርስያዊ መንግስቲ ኤርትራ ምምስራት።

1.3 ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኮይኑ ንናይ ጭቆና መሳርሒኡ ክግልገለሉ ዝጸንሐ ማሕበረ ቁጠባውን ፋይናንሳውን ትካላት፡ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ብቕጥታ ኣብ ግዜያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣትዩ ብዝተጸንዐ መንገዲ ናብ ረብሓ ውጹዕ ህዝብና ክውዕል ምግባር።

**2. ፌደራውላዊ ደሞክርስያዊ ስርዓት ምትካል፡**

እቲ ዝምስረተ ህዝባዊ ደሞክርስያዊ መንግስቲ ናይ ገዛእቲ ደርብታት ናይ ጭቆናን ጭፍጨፋን መሓውራት (ትካላት) ብምውጋድ፡ ሙሉእ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ኢድ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ክኣቱ ምግባር። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ፡

ሀ- ሓፋሽ ህዝቢ፡ ካብ ዝተሓተ ቁሸት ጃሚሩ ክሳብ ዝለዓለ ሃገራዊ ባይቶ፡ ብነጻ መራሕቱ ዝመርጸሉን ዝቆጻጸረሉን፡ እምነት ኣብ ዝስኣነሉ ከኣ ዝቕያይረሉን ደሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ዘኽብር ፖለቲካዊ ስልጣን ምርግጋጽ።

ለ- ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ናይ ሃገር ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ---ጉዳያት ወሳኒ ተርኡ ንኸጻወት ምቅላስ።

ሐ. ኣብ ኩሉ ዓውደ መዳያት ኣብ ዝገብሮ ክትዓትን ዘመሓላልፎ ውሳኔታትን ብሙሉእን ቀጥታውን ነጻ ተሳትፎ ንክህልዎ ብዘፍቅድ ሕገ-መንግስቲ ዝምራሕን፡ ነዚ ኸኣ ብተግባር ዘረጋግጽን ህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል።

መ- ፍቶታዊ ደሞክርስያዊ ሓድነት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ማእከል ዝገበረ ንፈደራላዊት ደሞክርስያዊት ሃገር ኤርትራ ህዝብን መሬትን ባሕርን ሰማይን ክልል ልዑላዊ ሓድነታ ውሑስ ክኸውን ምግባር።

**3. <u>ናይ ህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክርስያዊ መንግስቲ ኤርትራ ሕገ-መንግስቲ ( ቅዋም) ቅርጻ መንግስትን</u> :**

ሀ- ብናይ ህዝብታት ኤርትራ ድሌትን ተሳትፎን ዝቕረጽ ህዝባዊ ደሞክርስያዊ ሕገ-መንግስቲ ክህሉ ይገብር።

ለ. መንግስታዊ ቅርጽኡ ባይቶኣዊ (ፓርላማዊ ) ስርዓት ኮይኑ፡ ሃገራዊ ሓጋጊ ኣካል ዝኾነ ባይቶን ፈደራላዊ ባይቶን ይህልዎ። ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ኣካላት ዝሓቆፈ ድማ ይኸውን።

ሐ- ብፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ቅርጻ መንግስቲ ዝተኣሳሰሩ ህዝብታት (ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን) ኤርትራ ብነጻ ድሌቶም ንዝኣትውዎን ንዝቕርጽዎን ሕገ-መንግስቲ ብምኽባር፡ ከባቢኦም ባዕሎም ከመሓድሩን ክቆጻጸሩን ሰፊሕ ውሽጣዊ ነጻነት ዘፍቅድ ናይ ገዛእ ነብሶም ስርዓት ምምሕዳር ይህልዎም።

**4, <u>ንደሞክርስያዊ ምሕደራ ዘገልግል ጸረ-ብልሽውና (ኮራፕሽን) ዝቆጻጸር ትካል ኮሚሽን ምቛምን ብቑጻሊ ክነጥፍ ምግባርን</u>።**

ሀ- ዝኾነ መንግስታዊ ሓላፍነት ወይ ስልጣን ብላዕለዋይ ደረጃ ዝወሃብ፡ ኣብ ዝኾነ መንግስታዊ ጽፍሕታት ብህዝቢ ተመሪጹ ስልጣን ዝርከብ ወይ ኣብ ዝኾነ ማእከላይን ታሕታዋይን ጽፍሕታት ናይ መንግስቲ ስራሕተኛ ኮይኑ ተቖጺሩ ዝሰርሕ ናይ ገዛእ ርእሱን ናይ ቤተሰቡን ናይ ኣታዊ ምንጪ ሃብቱ ሓላፍነት ካብ ዝሓዘሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ንዝምልከቶ ኮሚሽን ከመዝግብ ግዴታ ኣለዎ። ናይ'ዚ ኮሚሽን ናይ ምቁጽጻር ሕጊ በብግዝይኡ ንዘካይዶም እናኽበረ ብሓላፍነት ንኹሉ ዜጋ ብዘይኣፈላላይ ፍትሓዊ ኣገልግሎት ንህዝቢ ይህብ።

ለ. ናይ ስልፍታት ውድባትን ምንጪ ኣታዊ ገንዘብን ቀዋምን ተንቀሳቓሲ ንብረትን ብተመሳሳሊ ሕጊ (ቅዋም) ብዝፈቕዶ መሰረት ዝተደንገገ ይኸውን።

5. መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብተን ዘለዋ ሃገራውያን ቋንቋታት ኤርትራ ንትግርኛን ዓረብኛን ከም ወግዓውያን ናይ ስራሕ ቋንቋታት ፌደራላዊ መንግስቲ ገይሩ ክሰርሓለን ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ይኣምንን፡ ንተግባራውነቱ ይቃለስን። ህዝቢ ይሕሸኒ'ዩ ዝበሎ ክውስን ከኣ መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን።

## ለ- ናይ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ብምልኣት ምርግጋጽ

1,ናይ ኩሎም ዜጋታት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዝኽበረሉ፡ ኣብዝሓ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ተወዳዲሮም ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ስልጣን ዝርከብሉ ደሞክራስያዊ ፌደራላዊ ስርዓት ንኽረጋገጽ ምቅላስ።

2,ኣብ ክሊ'ዚ ሕብረ- ሰልፋዊ ፌደራላዊ ስርዓት'ዚ ናይ'ቲ ሓፋሽ ህዝቢ ካብ ተፈጥሮ ወዲ ሰብ ዝምንጭው ዘይጠሓሱን ዘይግፈፉን ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ናይ ዜጋታትን ህዝብታትን ብዘይ ገደብ ሙሉእ ብሙሉእ ክረጋገጽን ክዓሙቕን ምቅላስ።

3.ጭቁን ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ናይ ምጽሓፍ፣ ምዝራብ፣ ምእካብ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ምግባር፣ ስራሕ ጠጠው ናይ ምባል፣ ብዝመሰሎ ኣርኣእያ ይኹን ብዝመረጾ መልክዕ ናይ ምውዳብ---- ወዘተ መሰላት ብዘይደረት ምሕላው። ናይ ሰልፍታትን ፕረስን ፈነወን( ብሮድካስቲንግ) ሕግታት ብዝተጸንዐ መንገዲ ክወጽእን ክስረሓሉን ምግባር። ነዚ መሰላት'ዚ ዘተዓናቕፍ ዝኾነ ይኹን ሽግራት ምውጋድ። ሓፋሽ ኣብ ናይ ሃገርና ፖለቲካዊ ሂወት ወሳኒ ተርኡ ክጻወት ምቅላስ።

4.ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሙሉእ ደሞክራስያዊ ማዕርነት ምርግጋጽ፤ ኣብ ጾታዊ ፍልልይ ዝተመስረተ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎ ከይግበር ምቅላስ። ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን፣ ማሕበራውን ሂወት፡ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ዝኾነ ደሞክራስያዊ መሰለን ምሕላው። ንልዑል ግደን ተሳትፎን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ንዝቕይዱ ድሑራት ኣረኣእያታትን ተግባራትን ንምውጋድ ምቅላስ።

5.ናይ ዝኾነ ሃገራዊ ዜጋ ናይ እምነት ናጽነት ምሕላው። ኣብ መንን ተኸተልቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ናይ መሰል ፍልልይ ኣይግበርን። ዝኾነ ዜጋ ብምኽንያት እምነቱ ተጽዕኖ ከይግበረሉን፣ ሃይማኖት ካብ መንግስትን መንግስታዊ ትምህርታዊ ትካላትን ዝተፈልየ ክኸውንን ምግባር። መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ኢዱ ኣየእትውን። ሃይማኖት'ውን ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ኢዱ ኣየእቱን።

6.ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ፡ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ብሄር፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ቦታ፣ ጾታ--- ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዘረጋግጽ ይኸውን።

7.ንዝኾነ ዜጋ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ዘይምእሳርን ዘይምቕጻዕን። ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ገዛ ዘይምፍታሽን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዘይሰብኣዊ ምርመራታት ዘይምግባርን።

8.ዝኾነ ሃገራዊ ዜጋ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብነጻ ናይ ምንቅስቓስ፣ ዝነብረሉ ቦታ ናይ ምምራጽ፣ ናብ ወጻኢ ሃገር ናይ ምኻድን ምምላስን ነዚ ከኣ ፓስፖርት ናይ ምርካብ መሰል ይህልዎ።

9 .ናጽነት ቤት ፍርዲ ምኽባር። ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ተጽዕኖ ኣይግበርን። ነጻን ደሞክራስያውን ዝኾኑ ኣብያተ ፍርዲ ክህነጹ ዘይተቐጠበ ጻዕሪ ምግባር። ኣብ ኣወሃህባ ስርዓት- ፍትሒ ናይ ህዝቢ ተሳትፎን ምቁጽጻርን ብገምጋም ኣቢሉ ዘይፍለዮ ይኸውን።

10. ብሰንኪ ብልሽው ምሕደራ ዝፍጸሙ ብደላት ንምክልኻልን ንምዕራይን ዜጋታት ዘሰምዕዎ ጥርዓናት ዝምርምርን ዝጣበቐሎምን ሰብኣዊ ትካል ( ኦምቡድስመን) ምቛም።
11. ብህዝባዊ ተሳትፎ ንዝጸደቐ ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም) ማእከሉ ገይሩ ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ህዝብታትን ዜጋታትን ዝጣበቕ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣባቒ ኮሚሽን ክቐውምን ስርሑ ብተግባር ከሰላስልን ምቅላስ።

## ሐ- ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ብዘይ ገደብ ክረጋገጽ ብመትከል ምእማንን ንተግባራውነቱ ምቅላስን

ጭቁናት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ዕድል ብገዛእ ነብሶም ናይ ምውሳን መሰል ክህልዎም ምቅላስ።
1. ኣብ ልዕሊ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ንዝወርድ ጭቆናን ኣድልዎን፡ ደሞክራስያዊ ፍታሕ ክረክብ ምቅላስ።
2. ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ኣብ ክንድኦም ካልእ ተካእን ወሳንን ከይተገብረሎም፡ ካብ ዝኾነ ዓይነት ተጽዕኖ ነጻ ኮይኖም መጻኢ ዕድሎም ባዕሎም ዝውስኑሉ ምርጫ ክህልዎም ዘኽእል ምቹእ ባይታ ምፍጣርን፡ ናይ'ቲ ህዝቢ ነጻ ምርጫን ውሳኔን ሙሉእ ብሙሉእ ተግባራዊ ምግባርን።
3. ናይ ጭቁናት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዘላቕን ዘተኣማምንን ሓድነት ክፍጠር ዝኸኣል፡ ህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክምስረትን ደሞክርሲ ክረጋገጽን እንከሎ ጥራሕ'ዩ። ኣብ ትሕቲ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ከኣ፡ ናይ ብሄረትን ብሄረ-ሰባትን ጥቕሚ ክሕሎ ዝኽእል ብምንጻል ዘይኮነስ ብሓድነት ስለዝኾነ፡ ናይ ኤርትራ ሃገርና ህዝብታት (ብሄራት) ሓድነት ኣብ ድልየት ዝተመርኮሰ ሓድሽን ዱልዱልን መሰረት ዘለዎ፡ ኣብ ትሕቲ ሓቀኛ ህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክምስረት ብዘይ ምቁራጽ ምግዳል። ነዚ ዝዕንቅጹ ብሄራዊ ትምክሕትን ብሄራዊ ጽበትን ክዉገዱ ድማ ምቅላስ።
4. ደሞክራስያዊ ፍትሓዊ ሓድነት ህዝብታት ኤርትራ ክዕቆብ ዝኽእል፡ ሙሉእ ብሙሉእ ዘይተጓደለ መሰላቶም ምስ ዝረጋገጽ'ዩ። በዚ መሰረት ህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ መሰል ርእሰ-ውሳኔኦም ንኽረጋገጽ ክሳብ ናይ'ቲ ብሄር ወይ ብሄረ-ሰብ /ህዝቢ/ ነጻ ምርጫን ውሳኔን ብረፈረንደም ዝመረጽዎ ክውስኑ ይሕሸና'ዩ ዝብልዎ ክወስዱን መሰሎም ብዘይ ገደብ ክረጋገጸሎም፡ ብመትከል ምእማንን ንተግባራውነቱ ምቅላስን።
5. ኩሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ሃገር ዘለዎም ማዕረ መሰልን ግቡእን ምርግጋጽ። ብሰንኪ ናይ ገዛእቲ ደርብታት ዝተፈጥረ ዘይተመጣጠነ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ምዕባሌ ንኽመጣጠን ምቅላስ። ናይ ሓባር ምዕባሌ ንምርግጋጽ ካብ ኩሉ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ቃልሲ ብቑዕ ዓቕምታት ንምምልማል ምቅላስ። ነቶም ኣዐርዮም ዝደሓሩን ብኲናት ዝተጎድኡን ከባቢታት ከኣ ፍሉይ ትኹረት ምሃብ።
6. ኩሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ቋንቋኦም ንኽማዕብሉን ንኽጥቀምሉን፡ ታሪኾም ክፍለጥን ክኽበርን መሰላቶም ሕሉው ምግባር። ገስጋሲ ሽነኻት ባህሎምን ልምድታቶምን ብምዕቃብ ንኽማዕ ብልዎ ምቹእ ባይታ ምፍጣር።
7. ገዛእቲ ደርብታት በብግዚኡ ንኤርትራ ንረብሓኦምን ረብሓ ጎይቶቶም ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ክብሉ፡ ክሳብ ናይ ሕጂ ብህግደፍ ዝተገብረ ዞባዊ ምምሕዳራዊ ቅርጻን

ብቐጻሊ ዝካየድ ዘሎ ናይ ከፋፊልካ ገዛእ ሜላን ምምቕቓላትን ሙሉእ ብሙሉእ ምውጋድ።

8. ናይ ኤርትራ ምምሕዳራዊ ቅርጻ፡ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኣቀማምጣ መሰረት ዝገበረ፡ ብሓድሽ ህዝባውን ደሞክራስያውን መትከል እንደገና ክቐረጽ ምግባር። ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ንናይ ከባቢኦም ውሽጣዊ ጉዳያት ዝዉስንሉን ብቛንቛኦም ዝዳነዩሉን ዝሰርሕሉን ሰፊሕ ውሽጣዊ ናጽነት ዘፍቅድ ፈደራላዊ ምትእስሳር ክህልዎም ምግባር። ናይ ውሽጣዊ ምምሕዳር ደረጃ ብናይ ህዝቢ ምርጫ ክውሰን ምግባር።

## መ- ንረብሓ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ዘኽብር፡ ንደሞክራስያዊ ሕገ- መንግስቲ ዝከላኸል፡ ብቑዕ ህዝባዊ ሰራዊትን ደሞክራስያዊ ትካላት ፖሊስን ጸጥታን ምህናጽ፡

1. ናይ ገዛእቲ ደርብታት ናይ ዓፈናን ጭፍጨፋን ወተሃደራዊ መሓውር ብምውጋድ፡ ኣብ ክንድኡ ናይ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ መሰል ዝከላኸል፡ ፖለቲካዊ ንቕሓቱን ስውራዊ ስነ-ስርዓቱን ሞራሉን ዕጥቁን ዘማዕበለ፡ ናይ ጭቁን ህዝቢ ጥቕምን ናይ ሃገር ናጽነትን ግስጋሴን ክብርን ንምክልኻል መሳርሒ ኮይኑ፡ ንደሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ ተገዛኢ ዝኾነ፡ ካብ ህዝቢ ዝወጸን ንህዝቢ መሰረት ዝገበረን፡ ንረብሓ ሓፋሽ ዝቖመን ድልዱል ሰውራዊ ህዝባዊ ሰራዊት ምህናጽ።

2, እቲ ዝህነጽ ስውራዊ ህዝባዊ ሰራዊት ዝተመጣጠነ ብሄራዊ ተሳትፎ ዘለዎ፡ ዱልዱል ዕርዲ ሃገር ኣኾነ፡ ብዓይነቱ ዝማዕበለ ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሕኡ ደሞክራስያዊ ሂወት ዘለዎ፡ ምስ ሓፋሽ ህዝቢ ጽቡቕ ምትእስሳር ዘለዎ፡ ዝቐመሉ ዕላማ ብንጹር ዝተረደአ፡ ኣብ ናይ ሃገር ጉዳያት ከም ኩሉ ኣባል ሕብረተ-ሰብ ብቐጥታ ዝሳተፍ፡ ካብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዘይተነጸለ፡ ኣባል ናይ ዝኾነ ሰልፊ ዘይኮነ፡ ኣብ ማእቶታዊ ስርሓት ብሰፊሑ ዝሳተፍ ክኸውን ምግባር።

3. ህዝቢ፡ ንህዝባዊ ሰራዊቱ ዓንዲ-ሕቖኡ ብምግባር ብሰፊሑ ንደሞክራስያዊ መኽሰባት ሰውራ ከም ዝከላኸል ምግባር። ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ንህዝባዊ ሰራዊት ዝሕግዝ ህዝባዊ ሚሊሻ ብብዝሒ ከም ዝውደብን ከም ዝዕጠቕን ምግባር።

4. ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ጠጠው ዝበለ፡ ንደሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ ተገዛኢ ዝኾነ፡ ናይ ፖሊስን ጸጥታን ደሞክራስያዊ ትካላት ክቐውምን ክህነጽን ምግባር።

5 .ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኮይኖም ተገዲዶም ዘገልግሉ ዘለው ጭቁነት ኣባላት ሰራዊት፡ ፖሊስን ጸጥታን ረብሓኦም ኣብ ሰላምን ደሞክራስን ኣብ ፍትሓዊ ሓቀኛ ምክልኻል ልዑላውነት ሃገርን ከም ምዃኑ መጠን፡ ድሕሪ ምውጋድ ጨፍጫፊ ሰርዓት ህግደፍ ኣብ ሓዳስ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንደሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም) ተገዛእቲ ኮይኖም ንኣከናውና ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ምስ ዝቐውም ሰራዊት፡ ፖሊስን ጸጥታን ኣካሉ ኮይኖም ግቡኦም ክፍጽሙ ይግበር።

## ምጣነ-ሃብታዊ መደብ-ዕዮ

ንክብርን መሰልን ረብሓን ጭቁናት ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ረብሐኦም ንምውዓልን ነጻነቱ ንምግሃስን ዝተኣታተዉ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ጽግዕተኛ ርእስ-ማልነትን ምጣነ-ሃብታዊ ትሕዝቶ ብምውጋድ፡ ንረብሓታት ሓፍሽ ዘገልግል ካብ ጽግዕተኛነት ዘናግፍ ምዕሩይ ምጣነ-ሃብታዊ ምዕባሌ ንምርግጋጽ ምቅላስ። ናይ ሃገርና ምጣነ ሃብታዊ ናጽነት ዘረጋግጽን

<u>ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)</u>

ስሉጥን ቀጻልነት ዘለዎን ዕብየት ዘጎልብትን ኩሉ ህዝቢ ካብ'ቲ ዝርከብ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት በብደረጅኡ ተጠቃሚ ዝኾነሉን ማሕበራዊ ፍትሒ ዝረጋገጸሉን፡ ናይ ልምዓት መንገዲ ምኽታል።

ሀ- ናይ ሕርሻ-መርሖ ኢንዱስትሪ ናይ ልምዓት እስትራተጂ ኣንፈት ምዕባለ ብምኽታል ሕርሻን እንዱስትሪን ተደጋጊፎም ተኣሳሲሮምን ክዓብዩ ምግባር። ሕርሻ ንኢንዱስትሪ ዘድሊ ጥረ ኣቑሑት ከቕርብ፡ ኢንዱስትሪ ድማ ንሕርሻ ዝኸውን መሳርሒታት ከም ዘቕርብ ምግባር።
ለ. ሃገራዊ ቁጠባዊ ፖሊሲ ኤርትራ ኣብ ነጻ ዕዳጋ ዝተመርኮሰ ይኸውን። ኣብ ትሕቲ'ዚ ሃገራዊ ፖሊሲ'ዚ ናይ መንግስቲ ምጣነ ሃብታዊ ትካላት ንናይ ነጻ ዕዳጋ ውድድር ዝበቕዕን ንዕቤት ሃገራዊ ኢኮኖሚ ብዘገልግል ምዕቡል ሃገራዊ ርእስማል ብዘዋህልል ኣገባብን፡ ብሕጊ ነጻ ዕዳጋ ዝምራሕን ዝግዛእን ክኸውን ምግባር።
ሐ. እዚ ቁጠባዊ ፖሊሲ'ዚ ኣብ ክሊ ርእሰ ማላዊ ምዕባለ ዝህነጽን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቁጠባዊ መርሖ ዝኽተልን ይኸውን።
መ. ናይ ሃገራና ልምዓት ብቐጻምነት ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ዕዳጋ ብዘይ ምቁራጽ እንዳስፍሐ ክኸይድ ዘኽእሉ ስልትታት ምሕንጻጽን ተግባራዊ ምግባርን።
ሰ- ነዚ ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ዕዳጋ ብቐጻምነት ምምስራት ዝብል መሰረታዊ ናይ ልምዓት መምርሒ ብዝድግፍን ብዘደልድልን መንገዲ ናይ ወጻኢ ንግዲ ክዓቢ ምግባር። ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝህሉ ናይ ንግዲ ርክብ ድማ ክስፍሕ ምግባር።
ረ. ናይ ሃገርና ኢኮኖሚያዊ ነጻነት ብምሕላው፡ ሰብኣውን ተፈጥሮኣውን ሃብትና ብቐጻልነት ብምምዕባል ዘየቋርጽ ዕቤት ምርግጋጽ። ተፈጥሮኣዊ ሃብትና ንምክንኻን ፍሉይ ትኹረት ምሃብ። ንተፈጥሮ ሃብቲ ባሕርና ኩለ-መዳያዊ መጽናዕቲ ብምግባር ንረብሓታት ህዝብና ክውዕል ምግባር።
ሸ. ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ብዘይፍትሓውን ሕጋውን መንገዲ ካብ ህዝቢ ዝመንዖ መሬትን ንብረትን ገንዘብን ህዝቢ፡ ብፍትሓውን ሕጋውን ዝተጸንዐ ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ክምለስ ምግባር።

<u>**ናብቲ ዝበዝሐን ዓንዲ-ሕቖ ሃገርናን ዝኾነ ገባር ዝጠመተ ናይ ልምዓት ስትራተጂ ምኽታል፡**</u>

ሀ- ቀጻልነት ዘለዎን ህዝቢ ተጠቃሚ ዝኾነሉን ልምዓት ምርግጋጽ ዝከኣል፡ ገጠራት ክለምዑ እንከለዉን፡ ካብ ናይ ሃገርና ህዝብታት እቲ ዝበዝሐ፡ ገባር ኣብ ልምዓት ንጡፍ ተሳታፊ ክገብር እንከሎን ምዃኑ ዝተረደአ ናይ ልምዓት መምርሒ ምሕንጻጽን ተግባራዊ ምግባርን።
ለ. መንግስቲ ዘካይዶ ትሕተ-ቅርጻ ናይ ምስፋሕ ስራሕ ቀንዲ ትኹረቱ ንገጠራት ምግልጋል ክኸውን ምግባር። እዚ ድማ ብወገኑ ንናይ ሓፋሽ ከተመኛ ህዝቢ ከም ዝረብሕ'ውን ምግንዛብ። በዚ መንጽር ከኣ ናይ ከተማ ልምዓትን ምዕባለን ዘረጋግጽ ስራሓት ምስልሳል።

ሐ- ገባር፡ ዘይተቖጠበ ናይ ቴክኒክን ንዋትን ሓገዛትን ስልጠናን፡ ከምኡ'ውን ናይ ክኢላ ሓይሊ ሰብ ደገፍን ንኽግበረሉ ምቅላስ።
መ. ገባር ብቑዕን ፍትሓውን ናይ ልቓሕ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ምቹእ ባይታ ምፍጣር።
ሰ- ገባር ካብቲ ዝግበር ናይ ልምዓት ምንቅስቓስ ብግቡእ ተጠቃሚ ክኸውን ዘኽእሎ ናይ ግብሪ ፖሊሲን ካልኦት ተመሳሳሊ መምርሒታትን ምሕንጻጽን ተግባራዊ ምግባርን።
ረ- ዝተኣሳሰረ ሃገራዊ ኢኮኖሚ ንምህናጽን፡ ኣብ መላእ ሃገርና ዝተመጣጠነ ዕብየት ክህሉ ንምግባርን፡ ነቶም ብልምዓት ንድሕሪት ዝተረፉ ከባቢታት ፍሉይ ሓገዝ እናገበርካ ኣብ ኩሉ ዝተመጣጠነ ዝርጋሐ ትሕተ-ቕርጻ ክህሉ ምቅላስ።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝቐረቡ ምጣነ ሃብታዊ ዕላማታት ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእል፡ ንናይ ነብስ ወከፍ ጨንፈር (ጽላት) ኢኮኖሚ እስትራተጂ ምሕንጻጽን ኣፈጻጽማኦም ምክትታልን።

## ኣብ ሕርሻ መዳይ

1. ናይ ገጠርን ከተማን መሬት ናይ ህዝብታት /ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ/ ሓባራዊ ንብረት'ዩ። መሬት ዘይሸየጥ ዘይልወጥ ብወለድን ሓረጣን ዘይተሓዝ ይኸውን። ብህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ድማ ይመሓደር።
2. ገባር ንማሕረስ ዘድልዮ መሬት ብነጻ ክርክብ ምግባር፣ ብነጻ ዝተዓደሎ መሬት ባዕሉ ሓሪሱ ክጥቀመሉ፣ ብሕጊ ንዝተወሰነ ግዜ ክካርዮ፣ ጉልበት ቆጺሩ ክሰርሕ፣ ክሳዕ ንቐጻሊ ናይ መሬት ምዕዳልን ምድልዳልን ዝፍጸም ብሕጊ ብዝተወሰነ መሰረት ንወረስቱ ንኽውርስ ዘለዎ መሰል ብሕጊ ክረጋገጸሉ ምግባር።
3. ገባር ዘፍረዮ ፍርያት ብነጻ ክሸይጥን ክልውጥን ንናብርኡ ዘድልዮ ነገራት ብነጻ ክገዝእን ዘለዎ መሰል ምኽባር። ብተመሳሳሊ መንገዲ ናይ ኢንዱስትሪ ፍርያት ናይ ምግዛእ መሰሉ ምሉእ ብምሉእ ዝተረጋገጸ ክኸውን ምግባር።
4. ገባር ኣብ ዝሓርሶ መሬት ዘመናዊ ናይ ማሕረስ ኣገባብ ብምትእታታው፡ ብዝተጸንዐ መንገድን ኣጠቓቕማን ዘመናዊ ድኹዕን ምሩጽ ዘርእን ብስፍሓት ክጥቀም ብምግባርን፣ ሰፊሕ ናይ መስኖ ስራሕቲ ብምክያድ--- ናይ ሕርሻ ልምዓት ምቅልጣፍ። ንእንስሳታት ብግቡእ ክሕዘንን ክፍርየንን ዘኽእሎ ዓቕምን ክእለተን ክረጋግጽ ምቅላስ።
5. ገባር ኣብ ዝተዋህቦ መሬት ንዘፍሰሶ ጉልበትን ንብረትን እኹል ካሕሳ ከይተኸፍሎ መሬቱ ከይውሰድ ሕጋዊ ውሕስነት ምሃብ። ብናይ ህዝቢ ውሳኔ መሬት ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ክከፋፈል እንከሎ ይኹን ብካልእ ምኽንያት እዚ መሰል'ዚ ብጥብቂ ተግባራዊ ክኸውን ምግባር።
6. ገባር ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ግብርን ቀረጽን ብዝተፈላለዩ ውጽኢታትን ዝግበረሉ ምዝመዛ ጠጠው ክብል ምቅላስ።
7 .ገባር ጉልበቶም ኣወሃሂዶም ሕርሻዊ ትሕዝቶኦም ንምምዕባል ኣብ ነጻ ድሌቶም ዝተመስረተ ማሕበር ተራድኦታት ንኽምስርቱን ከሰላስሉን ምትብባዕ። ህዝቢ ብናቱ ድሌትን ውሳኔን እንተዘይኮይኑ ብምግዳድ ዝኣትዎ ትካላት ከም ዘይህሉ ምግባር።
8 .ስብኽ-ሳግም ኤርትራ ነብሶም ዝኽእልሉ ኣገባብ ብምኽታል ካብ'ቲ ዝነብሮዎ ዘለው ናይ ከርተት ድሑር መነባብሮ ተናጊፎም፡ ቀዋሚ ናብራ ክመርሑ ምግባር። ናብ ዝመዕበለ መነባብሮ ዝሰጋገርሉ ዘመናዊ ናይ እንሰሳታት ምፍራይ መደብ ክሕዙን ብናቶም ዕግበትን

ተሳትፎን ኣብ ዝተወሰነ ቀዋሚ ቦታ ምቕማጥ ንኽለምዱን ምጽዓር። ብሕርሻ ንኽምዕብሉን ናብርኦም ንኽመሓይሹን ብማሕበራት ተወዲቦም ክንቀሳቐሱ ምትብባዕን ደገፍ ምግባርን።
9 .ሃብቲ ሃገር ንዝኾነ እንሰሳታት ዘገዳምን ኣግራብን ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ብምግባር ንኽይበርሱ ምክንኻን። በቲ ዝድለ ዓይነትን መጠንን ንኽህልው ዘድሊ ክንክንን ሓለዋን ብተሳትፎ ናይ ሓፋሽ ክግበር'ውን ምቅላስን ናይ ምግራብ መደባት ምኽያድን።
10 .ኣብ መላእ ዓለም ብሓፈሻ ኣብ ኣህጉርናን ሃገርናን ከኣ ብፍላይ፡ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ምስ ፋሕ ምድረባዳነት ዘኸትሎ ዘሎ ድርቅን ኣብ ዓለም ዝርኣ ዘሎ ብከላ ክሊማዊ ኣየርን ከባብን ሳዕቤናቱን ንምውጋድ ዘኽእል ፖሊሲ ምሕንጻጽን ተግባራዊ ምግባርን።
11 .ሰብ ውልቀ ርእስማል ካብ ትሕጃ ገባር ወጻኢ ዝርከብ መሬት ንንውሕ ዝበለ እዋን እናተኻረዩ ንኽልምዑ ምትብባዕ። ናይ መንግስቲ ተራ ኣብ ሕርሻ ንዕቤት ናይ ገባር ሕርሻ ዘድሊ ኩሉ ሸነኻዊ ደገፍ ኣብ ምሃብን ኣብ'ዚ ጨንፈር'ዚ ንዝዋፈሩ ናይ ውልቀ ሰብ ርእስማል ኣብ ምትብባዕን ናይ መሬት ኣጠቓቕማ ፖሊሲ ኣብ ምውጻእን ክውስን ምግባር።

## ኣብ ኢንዱስትርያዊ መዳይ

ሀ- ናይ ውልቀ ሰብ ርእስማል ብፍላይ ድማ ናይ ደቂ ሃገር፡ ኣብ ልምዓት ኢንዱስትሪ ብስፍሓት ክሳተፍ ብመንግስቲ ክተባብዑን ክድገፉን ምግባር። ንናይ ብሕቲ ርእስማል ክፉት ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ዕድላት ኩሉ ግዜ ንደቂ ሃገር ርእስማላውያን ቀዳምነት ምሃብ። ኣብ ኩሉ ርእስማሎም ኣብ ዘዋፍርዎ ጨናፍር ምጣነ ሃብቲ ንዘንቀሳቕስዎ ትካላት ብፍሉይ ኣገዳስነቶም ንሃገራዊ ረብሓታት ዘገልግሉ ኮይኖም ብልዑል ተደላይነት ንምጥቃም ኣብ ዝድለይሉ ግዜ ብዘይ እኹል ካሕሳ ከም ዘየስዶም ዘተኣማምን ውሕስነት ምሃብ።
ለ. ካብ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት መንግስቲ ህግደፍ ዝተሃገሩ ኣብ ናይ ሃገር ምጣነ ሃብታዊ ሂወት ወሳኒ ተራ ዘይብሎም ትካላት ከከም ተደላይነቶም እንዳተራእየ፡ ሸቃሎ ተረኪቦም ብተራድኦ ሰሪሖም ክጥቀምሎም፡ ወይ'ውን ሰብ ብሕቲ ርእስማል ብኮንስሽን ተኻርዮም ወይ ገዚኦም ክንቀሳቕስዎ ምግባር።
ሐ. መሰረታዊ ዕላማ ናይ ሃገራዊ ቁጠባ፡ ናይ ሓፋሽ መነባብሮ ደረጃ ብደረጃ ምምሕያሽ ስለዝኾነ፡ ኣብ ናይ ህዝባዊ መንግስቲ ቁጠባዊ ትካላት ዝሰርሑ ሓፋሽ ሸቃሎ፡ ሃገራዊ ቁጠባዊ ትልሚ ኣብ ምውጻእን ኣብ ምምሕዳርን ምቁጽጻርን ናይ ዘፍርይዎ ፍርያት፡ ኩሉ ሸነኻዊ ንጡፍ ደሞክራስያዊ ተሳትፎ ይህልዎም።
መ- ኣብ ትሕቲ ናይ ብሕቲ ርእስማላውያን ዝንቀሳቐሱ ትካላት ዝሰርሑ ርሂጸ-በላዕ ነቲ ትካል ናይ ምውፋር መሰል'ኳ እንተዘይሃለዎም፡ ካልኦት ብሕጊ ዝተኣወጁ ( ናይ ስራሕ ስዓታትን ኩነታቶምን፡ ናይ ሞያ ማሕበራትን ምቛም--- ወዘተ) መሰላት ክኽበረሎም ምግባር። ኣብ ጠቕላላ ናይ ሃገር ልምዓት፡ ትልሚ ኣብ ምውጻእን ተግባራውነቱ ኣብ ምቁጽጻርን ከምቶም ካልኦት ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ መንግስታዊ ዋንነት ዝሰርሑ ርሂጸ-በላዕ መሰሎም ብማዕረ ከም ዝሕለወሎም ምግባር።
ሰ- ኣብ ሃገርና ዝካየድ ናይ ኢንዱስትሪ ልምዓት፡ ምጣነ ሃብታዊ ዕላማታትና ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእል ምእንቲ ክኸውን፡ ኣድለይቲ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ስልትታት ምሕንጻጽን ተግባራዊ ምግባርን።
ረ. ከም ናይ መከላኸልን ናይ ከሚካል ኢንዱስትሪን ዝኣመስሉ ትካላት ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር መንግስቲ ክኸውን ምግባር። ካብ'ዚ ወጻኢ ከኣ ናይ ሃገርና ምጣነ ሃብታዊ

ነጻነትን ልምዓትን ኣብ ምርግጋጽ ወሳኒ ተራ ኣብ ዝጻወቱ መዳያት መንግስቲ በይኑ ይኹን ምስ ናይ ብሕቲ ርእስማል ብምሽራኽ ከልምዖም ምግባር።
ቀ. መንግስቲ ወይ ሃገራውያን ርእስማላውያን፡ ብሕጽረት ርእስማልን ቴክኖሎጂን ክሰርሑሎም ኣብ ዘይከኣሉ ኣፍረይቲ ጨናፍራት (መዳያት)፡ ወይ ከኣ ከምቲ ዝግባእ ክሰርሕሉ ኣብ ዘይከኣል ትካላት፡ ናይ ወጻኢ ርእስማል ምስ መንግስቲ ብምሽራኽ ወይ ከም ኣድላይነቱ ርእስማሉን ቴክኖሎጂኡን ኣዋፊሩ ክሳተፍ ምፍቃድ። በዚ መንገዲ'ዚ ኣብ ምህናጽ ሃገር ዝሳተፍ ናይ ወጻኢ ርእስማል ብዘይ ብቑዕ ካሕሳ ሃብቱ ከይውረስ ሙሉእ ውሕስነት ምሃብ። ተሳትፎኡ ኣድላዪ ዝኾነ ርእስማልን ቴክኖሎጂን ኣብ ሃገርና ብምእታው ናይ ሃገርና ምጣነ-ሃብታዊ ናጽነት ንምሕያል ብዘኽእል ኣገባብ፡ ኣብ ኣፍራዪ መዳያት (ጨናፍር) ክኸውን ምግባር።
በ. ኣብ ኤርትራ ዝካየዱ ናይ ኢንዱስትሪያዊ ልምዓት ምንቅስቓሳት፡ ነዞም ዕላማታት እዚኣቶም ዘፈጽሙን፡ ናይ ኤርትራ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ብስፍሓት ኣብ ምልማዕን ኣብ ጥቕሚ ምውዓልን ዝምስረቱ ክኾኑ ምቅላስ። ናእሽቱ ትካላትን ኢንዱስትሪታትን ንምስፍሕፋሕ ድማ ምቹእ ባይታ ምፍጣር።

## ኣብ መዳይ ሃብቲ ባሕሪ

ሀ- መነባብሮኦም ኣብ ሃብቲ ባሕሪ ዝኾኑ ኣካላት ሕብረተ-ሰብና፡ ናብራኦም ደረጃ ብደረጃ እናተመሓየሸ ዝኸደሉ ኩነታት ንምፍጣር፡ ብመንግስቲ ኣድላይ ዝኾነ ደገፋት ክግበረሎም ምቅላስ።
ለ. ዓቕሚ ኣፍራይነቶም ክብ ንምባል፡ ኣብ ዕግበቶም ዝተመስረተ፡ ብማሕበር ተወዲቦም ንኽንቀሳቐሱ፡ ኣድለይቲ መሳርሒታት ዝረኽብሉን፡ ፍርያቶም ዝሸጥሉ ዕድላት ንምስፋሕን እቶቶም ንኽደንፍዑን፡ መንግስቲ ኣድላይ ምትሕብባር ክገብረሎም ምቅላስ።
ሐ. ደቂ ሃገር ይኹኑ ወጻእተኛታት ሰብ ብሕቲ ርእስማል ኣብ ሃብቲ ባህርና ገንዘቦም ብምውፋር ኣብ ምህናጽ ቁጠባ ሃገር ተርኦም ክጻወት ኣድላይ ደገፍ ምግባርን ንደቂ-ሃገር ሰብ ብሕቲ ርእስማል ቀዳምነት ምሃብ።
መ- ሃብቲ ባሕርና፡ መሊኡ ናብ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንኽውዕል ቀጻልን ዓሚቕን መጽናዕቲ ምክያድ።
ሰ-ባህርያዊ ጽርየት ሃብቲ ባሕርና ንምሕላው ካብ ብከላ ምክልኻል።
ረ-ሃብቲ ባሕርናን ጸጋታቱን ናይ ቱሪዝም ኢንዱስትሪ ኣብ ምዕባይ ግዲኡ ንኽጻወት ጻዕርታት ምክያድ።

## ኣብ መዳይ ምምዕባል ኢደ-ጥበብ ፍርያት

1. ኢደ-ጥበባዊ ፍርያት ክሳብ ብዘመናዊ ኢንዱስትሪ ተትኪኡ፡ ኣድላይነቱ ዘብቅዕ ብዘለዓለ ደረጅኡ ንምጥቃም ምስቲ ኩሉ ዘለዎ ድሩትነት ንኽምዕብልን ፍርያቱ ንኽዓብን ምቅላስ።
2. ኢደ-ጥበባዊ ፍርያት ንሓፋሽ ገባራይ ብፍላይ፡ ንትሑት መነባብሮ ዘለዎ ሓፋሽ ከተመኛ'ውን ብሓፈሻ ዝህቦ ኣገልግሎት ብምግንዛብ ኣድላዩ ደገፋትን ምትብባዕን ምግባር።
3. ኣብ ልዕሊ ኢደ-ጥበባት ዝጸንሖን ዘሎን ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ እምነታት ንኽዉገድ ምቅላስ።

## ኣብ ፋይናንሳዊ መዳይ

ሀ- ናይ ፋይናንስ ትካላት ምምስራት ንመንግስቲ ወይ ንናይ ውሽጢ ሃገር ሰብ ሃብቲ ጥራሕ ክፍቀድ ምግባር። ናይ ፋይናንስ ትካላት እንዳተመሓየሹ ንክኸዱ ምቅላስ።
ለ. መንግስቲ፡ ናይ ሃገር ልምዓት ንምቅልጣፍን ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ጠቕሚ ንምሕላውን ዘኽእሎ ናይ ፋይናንስ ፖሊሲን ናይ ምቁጽጻር ስርዓትን ከውጽእን ተግባራዊ ክገብርን ምግባር።
ሐ-ኣብ ኤርትራ ብቑዕ ናይ ፋይናንስ ኣገልግሎት ንምስፍሕፋሕ ጻዕርታት ምግባር።

## ኣብ ንግዳዊ መዳይ

ሀ- መንግስቲ ኣብ ንግዳዊ ስራሓት ንዘዋፈሩ ሰብ ሃብቲ ብፍላይ ንናይ ውሽጢ ሃገር ሰብ ሃብቲ ሽመትን ሸየጥትን ተራድእዕታትን ኩሉ መዳያዊ ድጋፍን ምትብባዕን ክህብ ምግባር።
ለ- ናይ ንግዲ ምንቅስቓሳት ንምትብባዕን ናይ ሃገርና ዕብየት ንምቅልጣፍን፡ ናይ ሕብረተሰብና ጠቕምታት ንምሕላውን ዘኽእል ናይ ንግዲ ፖሊሲ ክወጽእን ናይ ምቁጽጻር ስርዓት ክዝርጋሕ ምግባርን።
ሐ. ናይ ውልቀ ሰብ ሃብትን ንግዲ ተራዲኦታትን ኣብዚ ክፍሊ ምጣነ-ሃብቲ'ዚ ርእስማሎም ብዘይ ዝኾነ ገደብ ከዋፍሩ ዘለዎም መሰል ሕሉው ክኸውን ምግባር። እቲ ዝግበር ናይ ንግዲ ንምቅስቓሳት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ጠቕሚ ዝሕሉ ክኸውን ንምግባርን፡ ናይ ዕዳጋ ምርግጋእ ንምፍጣርን መንግስቲ ኣድለይቲ ስጉምትታት ክወስድን ኣድለይቲ ትካላት ክጣየሹን ምግባር።
መ. ኣብ ሃገርና ነዞም ናይ ንግዲ ዕላማታት ተግባራዊ ዝገብሩን ዘጎልብቱን ስጉምታት ንኽዉስዱ፡ ብፍላይ ድማ ብህዝቢ ዝተፈላለዩ ተራድኦታት ክምስረቱን ክድልድሉን ኣድላዪ ሓገዛትን መተባብዒታትን ክረኽቡ ምግባር።
ሰ. ሓፋሽ ህዝብታት ኣብ ነጻ ድልየቶምን ውሳኔኦምን ዝተመሰረተ ምህርቶም ኣብ ዘፍርዩሉ ከባቢታት ክሸጡን፡ ዘድልዮም ሃለኸቲ ኣቑሑት ክገዝኡን ዝኽእልሉ ዕዳጋታት ንኽምስረቱ ምሕጋዞምን ምትብባዖምን።
ረ. ሃገራዊ ንግዲ ንምምዕባል ኣድላዪ ናይ ምድርን ባሕርን ኣየርን መጓዓዝያ መራኽብን መስመራት ምዝርጋሕን ምምዕባልን።
ሸ. ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ዝኣቱን ዝወጽእን ኣቑሑት (ኮንትሮባንድ) ኣጥቢቕካ ንምቁጽጻር ዘኽእል ስጉምትታት ምውሳድ። ሓፋሽ ጸረ ረብሕኡ ምዃኑ ተረዲኡን ዓቢይን ናይ ምቁጽጻር ተሳትፎኡ ክዕዝዝ ምግባር።

## ማዕድን

ሀ- ናይ ማዕድን ሃብትና፡ ናይ ሃገርና ዕብየት ብዘቀላጥፍን ንምጣነ ሃብታዊ ዕላማታትና ብዘገልግልን ኣገባብ ብስፉሓት ክድህሰስን ክስርሓሉን ምግባር። ናይ ማዕድን ሃብትና ብግቡእ ክጽናዕ ምቅላስ። ናይ ኤርትራ ናይ ማዕድን ሃብቲ ንምውጻእን ንምምዕባልን ዝግበር ጻዕሪ፡ ነዚ ዕላማታት'ዚ ተገዚኢ ክኸውን ምግባር።
ለ. ዉልቀ ሰብ ሃብቲ ብሓፈሻ ናይ ውሽጢ ሃገር ሰብ ሃብቲ ከኣ ብፍላይ ኣብ ኩሉ ናይ ማዕድን ልምዓት ስራሓት ክሳተፉ ምግባር።

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

ሐ. ናይ ሃገርና ልምዓት ንምቅልጣፍን ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ጠቕምታት ንምሕላውን፡ ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን መንግስቲ በይኑ ይኹን ምስ ዉልቀ ሰብ ሃብቲ ደቂ ሃገር ይኹን ወጻእተኛታት ብምሽራኽ፡ ናይ ዕደና ስራሓት ምስልሳል።

## ቱሪዝም

1, ኣብ ሃገርና ዘሎ ናይ ቱሪዝም ሃብቲ፡ ንምጣነ ሃብታዊ ዕብየትና ንግቡእ ክውዕል ዘኽእል ፖሊሲ ምሕንጻጽን ተግባራዊ ክኸውን ምግባርን። ካብ ቱሪዝም ሰፊሕ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ዝርከበሉ ኩነታት ንምፍጣር ምቅላስ።

2. ታሪኻዊ ሓድግታት ህዝብናን ሃገርናን ብግቡእ ክዕቀቡን ክጽንዑን ምግባር።

3.ቱሪዝም ኣብ ምምዕባል፡ ናይ ዉልቀ ሰብ ሃብቲ ሰፊሕ ተሳትፎ ክህልዎ ምትብባዕ።

4.ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ባህላዊ ብዙሕነትን ማራኺ ትሕዝቶታቶምን ቅርስታቶምን ንሃገራዊ ቱሪዝም ብዘገልግል ኣገባብ ምጥቃም።

## ናይ ከተማ መሬትን ኣባይትን

**ናይ ከተማታት ዕብየትን ናይ ከተማ ገዛውትን ሽግር ክቃልል ዝኽእል ፖሊሲ ምኽታል።**

1. ኩሉ ናይ ከተማ መሬት ካብ ካልእ መሬት ብዘይፍለ መንገዲ ዝረአ ኮይኑ ዘይሸየጥን ዘይልወጥን ናይ ህዝብታት ኤርትራ ሓባራዊ ንብረት'ዩ። ብህዝባዊ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ከኣ ይመሓደር። ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ሰውራን ዝኾኑ ገዛእቲ ደርብታት ዝጸንሐ ገዛውቲ ተሃጊሩ፡ ናብ ረብሓ ህዝብና ክውዕል ምግባር።
2 .ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ብዘይሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ካብ ዜጋታት መሬቶም ብሓይሊ እንዳመንዘዐ፡ ገሊኡ ተጠቃሚ ገሊኡ ተጎዳኢ ክኸውን ዝገብር ኣዕናዊ ፖሊሲ ተወጊዱ፡ እቶም ናይ'ዚ መዝማዚ ተግባራት'ዚ ግዳያት ዝኾኑ ዜጋታት፡ ወጽዓኦም ብንጹር ተጸኒዑ ከም ዝምለሰሎም ወይ ካሕሳ ከም ዝኽፈሎም ምግባር።
3. ሓፋሽ ናይ መሬት ምጡን ክራይ እንዳኸፈለ፡ ገዛውቲ ክሰርሕ ይኽእል። ኣብ ልዕሊ መሬት ንዘሎ ገዛውቱ ከም ሃብቱ መጠን፡ ክካሪ ክሸይጥ ክልውጥን ክውርስን ይኽእል። እዚ ንዝኾነ ገዛ ክሰርሕ ዝደለየን ጠቕሚ ዘለዎን ሃገራዊ ዜጋ ዝፍቀድ'ዩ።
4. ናይ ገዛውቲ ሕጽረት ንምቅላልን ናይ መሬት ጽበት ንምውጋድ ብዘኽእልን ብዘመናዊ ቅዲ ናይ ቁጠባ ኣባይቲ ምስ ናይ ከተመኛ መነባብሮ ብዝጠዓዓም መንገዲ ብፕላን ክስራሕ ምግባር። ሓፋሽ ብተራድኦታት ተወዲቡ ናይ ቁጠባ ገዛውቲ ክሰርሕ ብመንግስቲ ኣድላዪ ሓገዝን መትብባዕን ይግበረሉ።
5. ዘመናዊ ናይ ከተማታት ፕላን ብዝሓለወ ኣገባብ፡ ሰብ ብሕቲ ርእስማል ገዛውቲ ክሰርሑ፡ ክካርዩን ክሸጡን ፍቑድ ይኸውን።

**ህዝብታት ኤርትራ ነዞም ዕላማታት እዚኣቶም ተግባራዊ ንምግባር ብግቡእ ንኽለዓዓሉ ምቅላስ።**

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)

1 .ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልምዓት ዘለዎ ተሳትፎ ብቐጻልነት እናዓሞቐ ክኸይድ ዝገብር ፖሊሲ ምሕንጻጽ።
2 .ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ወሳኒ ተራን ናይ መንግስቲ መተካእታ ዘይብሉ ብጽሒትን ዝተገንዘበ፡ ንውልቀ ሰብ ርእስ-ማል ብስፊሑ ዘሳትፍን ናይ ምጣነ-ሃብቲ ፖሊሲ ምሕንጻጽን ተግባራዊ ምግባርን።
3 .ህዝቢ ብፍላይ ናይ ገጠር ህዝቢ ቅልጡፍን ቀጻልን ዕቤት ኣብ ምርግጋጽ ዘለዎ ወሳኒ ተራ ብግቡእ ብምግንዛብ፡ መንግስቲ ዘውጸኦም ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲታት ነዚ ዘበራትዑን ዘጎልብቱን ክኾኑ ምቅላስ።
4 .መንግስቲ ትሕተ ቅርጻ ብምዝርጋሕ ንልምዓት ዘበራትዑ ፖሊሲታት ብምውጻእን ናይ ሕብረተ-ሰብ ጠቕሚ ዝሕልው ናይ ምቁጽጻር ኣገባባት ብምቕራጽን ብውልቀ ኣውፈርቲ ርእስማል ክስርሑ ዘይክእሉን፡ ንልምዓት ቀየድቲ ዝኾኑ ዓውድታትን እናነጸረ ብምልማዕ ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእል ፖሊሲ ምሕንጻጽ።
5 .ናይ ውልቀ ሰብ ርእስማል ብፍላይ ድማ ናይ ደቂ ሃገር ውልቀ ሰብ ርእስማል ምጣኔ-ሃብታዊ ዕቤት ኣብ ምምጻእ ዝጻወትዎ ተራ ብግቡእ ብምግንዛብ፡ ዝኾነ ይኹን ናይ ካፒታል ገደብ ከይተገብረሉ፡ ኣብ ኩሉ ምጣኔ ሃብታዊ ጽላት( ሰክተርስ) ብስፍሓት ክሳተፉ ኩሉ ሸነኻዊ ደገፍ ምሃብ። ናይ ደቂ ሃገር ርእስማል ንምድጋፍን ንምጉልባትን ፍሉይ ግምት ብምሃብ ምንቅስቓስ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ናይ ውልቀ ሰብ ርእስ-ማል ምንቅስቓስ ክረኽቦ ዝግባእ፡ ግቡእን ሚዛናውን ጠቕሚታት ንኽረክብ ዘኽእሉ ፖሊሲታትን መተባብዒታትን ብምሕንጻጽ ተግባራዊ ንምግባር ምቅላስ።

## ማሕበራዊ መደብ-ዕዮ

### ብሰንኪ ገዛእቲ ደርብታት ኣብ ሕብረተሰብና ዝወረደ ዘይተኣደነ ማሕበራዊ ሽግራትን ድሕረታትን ንምውጋድ ልዑል ቃልሲ ምክያድ፡

ሀ- ኣብ ሃገርና ብሰንኪ ገዛእቲ ደርብታት በብግዚኡ እናወሰኸ ክኸይድ ዝጸንሓን ዘሎን ናይ ስራሕ ስእነት ሽግር ንምፍታሕ ቀጻሊ ቃልስታት ምክያድ። ኩሉ ክሰርሕ ዝኽእል ኤርትራዊ ዜጋ ናይ ስራሕ ምርካብ መሰሉ ሕሉው ይኸውን። ንስራሕ ብቑዓት ዝኾኑ ዜጋታት ብዘይ ገለ ኣድልዎ ስራሕ ዝረኽብሉ ኩነታት ንኽፍጠር ጻዕርታት ምግባር።
ለ- ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዘተኣታተዎ ኩሉ መልከዓት ብልሽውና ካብ ስሩ ንምምሓው ምቅላስ።
ሐ. ብሰንኪ ስእነት ስራሕ ንዝፍጠሩ ከም ኣመንዝራነትን በጋሚንዶነትን ዝኣመስሉ ማሕብራዊ ሽግራት ንምውጋድ፡ ኪሊ ሸነኻዊ ጻዕርታት ምክያድ። ኣብ'ዚ ሽግር'ዚ ናይ ዝኣተዉ ዜጋታት ድልየትን ፍቓድን መሰረት ብዝገበረ መንገዲ ኣብ ኣፍራዩ ስራሓት ክዋፈሩ ዝኽእልሉ ምቹእ ኩነታት ምፍጣር።
መ. ናይ ሕብረተ-ሰብና ዓቕሚ ብዘፍቅዶ መሰረት ንህጻናት ጽቡቕ ክንክንን ኣተሓሕዛን ክህሉ ምግባር። እዚ ኣተሓሕዛ እዚ ብዘይ ምቑራጽ ክማሓየሽ ምጽዓር።
ሰ. ሽቃሎ ደቀንስትዮ ምስ ደቂ-ተባዕተዮ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ ክኽፈለንን እኹል ናይ ጥንስን ሕርስን ናይ ወሊድ ዕረፍቲ ክረኽባን ምግባር። ንጥዕነኣን ጎዳኢ ኣብ ዝኾነ ስርሓት ንኸይሳተፉ መሰለን ምሕላው። ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን ካብ ስራሕ ዘዕርፍሉ እኹል ዝኾነ ግዜ ብሕጊ ብምውሳን ናይ'ቲ ግዜ'ቲ ምሉእ ደሞዝ ናይ ምርካብ መሰል

ይህልወን። ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝሰርሓሉ ከባቢታትን ኣብያተ ስራሕን መዋዕለ-ህጻናት ንምቛም ጻዕሪታት ምክያድ።
ረ. ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ዕዙዝ ተርኣን ክጻወታ መታን ክኽእላ፡ ብማሕበር ተወዲበን ክቃለሳ ምትብባዕን ኩሉ ሸነኻዊ ምድግጋፍ ምግባርን።
ሸ. ናይ ሰራሕተኛታት ዝተሓተ ደሞዝ ብሕጊ ክውሰንን፡ ናይ ደሞዝ ወስኽ መሰል ክኽበርን ምግባር። ናይ ሰራሕተኛታት ግቡእ ናይ ስራሕ ሰዓታት 8 ሰዓት ክኸውን ምግባር። ሰሙናውን ዓመታትውን ናይ ሰራተኛታት ዕረፍትን ናይ ስትሕጋግን ጥሮታን መሰላቶም ብሕጊ ክኽበር ምግባር። መሰል ሰራሕተኛታት ዝጣበቕ ሕጊ ክህሉን ብማሕበር ክውደቡን ምግባር። ናይ ስራሕ ሰዓታትን ናይ ዝተሓተ ደሞዝን ብዘይ ምቁራጽ እንዳተመሓየሸ ክኸይድ ምጽዓር።
ቀ. ኣብ ጥዕንኦም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣብ ዝሓድጉ ፋብሪካታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ምስ ባህሪ ናይ'ቲ ስራሕ፡ ኣስራሒቲ ንጥዕንኦም ሙሉእ ጥንቃቐታት ክገብሩን ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ክወስዱን ካብ ሓደጋታት ዉሕስነት ብህዝብ ኣገባብ መስሎም ዝተሓለወ ክኸውን ምግባር።
በ- ብዝተፈላለዩ ናይ ሞያ (ንቓባውያን) ማሕበራትን ካልኦት ሰቪካዊ ማሕበረ-ሰባትን ክቖሙን ነጢፎም ክሰርሑን መሰላቶም ዝተሓለወ ይኹን። ንዕኡ ዝገዝእ ኣድላዪ ዝኾነ ሕጋታት'ውን ይወጽእ።
ተ. ኣብ ሙሉእ ድሌየት ናይ ክልተ ፍቐራት ዝተመሰረተ ናይ መርዓ ሕጊ ክህሉን ክኽበርን ምቅላስ። ኣብዚ መሰል ደቂ-ኣንስትዮ ሕሉው ይኸውን።
ቸ. ትሕቲ ዕድመ ንዝኾኑ መንእሰያት ንጥዕንኦም ጎዳኢ ኣብ ዝኾነ ሕሱር ጉልበተ-ዕዮ ከይዋፈሩ ምክልኻልን መሰሎም ሕሉው ክኸውን ምቅላስን።
አ- ሓያልን ተባልሓትን ኣፍራዪ ዓቕሚ ሕብረተ-ሰብና ንዝኾነ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ልዑል ተርኡ ክጻወት ምእንቲ ብማሕበር ከም ዝውደብ ምግባር።
ከ. ናይ ሕብረተሰብና ዓቕሚ ብዝፈቕዶ መሰረት ንቤተሰብ ስውኣት ተጋደልትን ናይ ሓርነት ዉጉኣትን፡ ከምኡ'ውን ንኹሎም ማሕበራዊ ረዲኤት ዘድልዮም ዜጋታትን ዝከናኸን ትካላት ክቐውም ምግባር። ጉዱኣት ኣካል ብዓቕሞም ክሰርሑን ኣፍረይቲ ክኾኑን ዘኽእሎም ምቹእ ኩነታት ምፍጣርን ብማሕበር ተወዲቦም ክንቀሳቐሱ ምግባርን።
ነ. ማሕበራዊ ረዲኤት ዘድልዮም ዝጸሮም ወይ ዝናብዮም ስድራ-ቤት ዘይብሎም ኣረጋውያንን ዘኽታማትን፡ ኣብ ሓርነታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ዝተጎሳቖሉን ብዕድመ ዝደፍኡ ዝተጸገሙ ተጋደልትን ወዘተ ዜጋታት ዝከናኸን ትካላት ክቐውም ምግባር።
ወ. ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ዝምለሱሉን ዝጣየሹሉን ምቹእ ኩነታት ምፍጣር።
ዘ- ብስንኪ ባህሪያዊ ይኹን ሰብ ዝሰርሖ ኣካሎም ዝጎደሉ ምስማዕ ምርኣይ ወዘተ ዘይኽሉ ዜጋታት ምስ ኩነታቶም ዝሰማማዕ ናይ ትምህርትን ጥዕናን ኣገልግሎታት ንምምላእ ምቅላስ።

**1- ናይ ህዝቢ ጥቕምን መሰላትን ንምሕላው ዘገልግል፡ ናይ ሃገር ናጽነትን ምዕባለን ዘረጋግጽ፡ ህዝባውን ስውራውን ስርዓተ ትምህርቲ ምህናጽ፣ ስነ-ፍልጠትን ስነ-ጥበብን ከስፋሕፍሕን ክዓብን ምግባር፡**

ሀ- ኣብ ረብሓታት ሓፋሽ ዝተመርኮስን ምስ ማእቶት ዝተኣሳሰርን ነጻ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ንኹሉ ዜጋ ክወሃብ ዘይተቐጠበ ቀጻሊ ጻዕሪ ምክያድ። ህዝባዊ መንግስቲ፡ ናይ ሃገር ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ደረጃ ንምዕባይ ዘኽእሎ፡ ምስ ማእቶት ብቐጥታ ዝተኣሳሰርን ንዕብየት ኢኮኖሚና ዘድሊ በዓል ሞያ ዘፍሪ ነጻ ትምህርቲ ከስፋሕፍሕ ምግባር። መሃይምነት ንምጥፋእ ኣብ ሓፋሽ ሰፊሕ ጎስጓስ ምክያድ።
ለ. ዘመናዊ ትምህርቲ ካብ ሃይማኖት ነጻ ኮይኑ፡ ህዝቢ ብቓልሱ ዝጨበጦም መሰላት ብኣግባቡ ክጥቀመሎምን ክሕልዎምን ዝገብር፡ ናይ ሃገር ናጽነትን ክብርን ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ስውራዊ ደሞክራስያዊ ትሕዝቶ ክህልዎ ምግባር።
ሐ. ናይ ሃገር ናይ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ደረጃ ብቐጻሊ ንኽዓቢ ዘኽእል ኣወዳድባን መምርሕን ክህሉ ምግባር። ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ናይ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ናጽነትን ምዕባሌን ንምርግጋጽ፡ ማተርያላውን (ነገራውን) መንፈሳውን ድልየታት ንምምላእ ዝዓለመ ክኸውን ምግባር።
መ. ናይ ስነ-ጽሑፍን ትያትር (ስነ-ጥበብን) ባህልን ወዘተ ኣብያተ ትምህርትን ትካላትን ክም ዝምዕብል ምግባር።
ሰ. ናይ መማህራንመሰልን ጥቕምን ዝሕለወሉ፡ ናይ ስራሕ ኩነታቶም ዘማሓይሽሉ፡ ናይ ሞያ ብቕዓቶም ዘማዕብልሉ ኩነታት ምፍጣር።
ረ. ሕብረተሰብ፡ መማህራንን ተማሃሮን ኣብ ምምሕዳር ኣብያተ ትምህርቲ በብደረጃኡ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ዝሳተፍሉ ኩነታት ምምድማድ።

## 2. ህዝባዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ምህናጽ፣ ህዝቢ ዝተማለአ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ክረክብ ዘኽእሎ ምቹእ ኩነታት ምፍጣር።

ሀ- ሓፋሽ ህዝቢ ናይ ጥዕና ምሕላው ኣንፈት፡ ምክልኻል ክኸውን ክም ዝግባእ ተገንዚቡ፡ ብስፊሑ ክንቀሳቐሰሉ ምግባር። መንግስቲ ንምክልኻል ዘኽእሉ ስልትታት ብስፍሓት ንምትግባር ምቹእ ኩነታት ክፍጠር ምጽዓር።
ለ- ናይ ህዝቢ ዓቕምን ተበግሶን መሰረት ብምግባር፡ ነዚ ከተሓባብርን ህዝቢ ብቑዕ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ክረክብን ንምግባር ብትኹረት ንምቅስቓስ። ናይ ሃገር ዓቕሚ ብዝፈቕዶ መሰረት ህዝቢ በብደረጃኡ ቀስበቕስ እናኣስፋሕፈሐ ዝኸይድ ናጻ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ክረክብ ምጽዓር።
ሐ- ንመላእ ሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ ንኣፍራዩ ዕቕሚ መንእሰይ ወለዶ ከኣ ብፍላይ ዘምክንን ንናይ ሃገርና ኩሉ-መዳያዊ ዕቤት ዝቕጽን ከሳብ ሕጂ መድሓኒት ዘይተረኽቦ ሕማም ኤድስ ካብ ንስፍሕፋሕ ንምክልኻልን ጠሪሱ ካብ ሃገርና ንምጥፋእን ቀጻሊ ዘይተቐጠበ ኩሉ ሸነኻዊ ቃልስታት ምክያድ።
መ. ናይ ህዝቢ ጥዕና ንምሕላውን መነባብርኡ ንምምሕያሽን ዘኽእል ናይ ጽሩይ ማይ፣ ናይ ኤሌክትሪክ ወዘተ ኣገልግሎት ከስፋሕፍሑ ምግባር።
ሰ. ናይ ህዝቢ ልምዳዊ (ባህላዊ) ሕክምና ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ብምምዕባል፡ ኣብ ናይ ህዝቢ ኣገልግሎት ልዉዕሉ ምግባር።
ረ. ጥዑያት ዜጋታት ንምህናጽ ናይ ምውስዋስ ኣካላትን ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ስፖርት መደበራትን ናይ ተሃድሶ መዘናግዒ ቦታታትን ምኽፋት።

**3. ናይ ወጻኢ ሕማቕ ባህልታትን ጽልዋታቶምን ድሑር መስፍናዊ ባህልን ክዉገዱ ምግባር፣ ናይ ህዝቢ መሰልን ጥቕምን ንምሕላው ዘኽእል ገስጋሲ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ባህሊ ከምዕብል ምግባር።**

ሀ- ሰፊሕ ጭቁን ህዝቢ ስራሕ-ታሪኽ ምዃኑ ዝኣምን ናይ ህዝቢ ልዕልነት ዘረጋግጽ፡ ናይ ጭቁናት ሓድነት ዘድልድል፡ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ዘኽበር፡ ናይ ህዝብን ሃገርን ናይ ነጻነት ፍቕሪ ዘማዕብል፡ ናይ ጅግንነትን ሓረበኝነትን መንፈስ ዘዕቢ ባህሊ ከም ዝዕንብብ ምግባር።

ለ. ካብ ባህልታትን ልምድታትን ሕብረተ-ሰብና፡ ነቲ ድሑር መዳያቱ ብቐጻሊ ስውራዊ ባህላዊ ወፈራታት ኣወጊድካ፡ ነቲ ጽቡቕ ኣዎንታዊ ሸነኻቱ ምዕቃብን፡ ብህዝባውን ደሞክርስያውን ባህሊ ምምዕባሉን።

ሐ. ሓድሽ ወለዶ ናይ ሃገሩን ህዝቡን ታሪኽን፡ ዝሓለፈ ባህልታትን ክፈልጥን፡ ካብቲ ባህልታት ህዝባዊ ንዝኾኑ ከዕቁቦምን ምግባር። ነዚ ዕላማ'ዚ ዘገልግል ኣብያተ መዘክር (ሙዝዮም) ምክፋት።

**ናይ ወጻኢ ጉዳይ ቅዋም**

**1- ናይ ሃገርና ናጽነት፡ ክብርን ምዕባለን፣ ናይ ህዝቢ መሰልን ጥቕምን ዝሕሉ፤ ጽግዕተኛነት ዘወግድ፡ ካብ ኩሎም ናይ ወጻኢ ሓይልታት ተጽዕኖ ነጻ ዝኾነ፡ ናይ ጭቁናት ህዝብታት ረብሓ ዝሕሉ ናይ ወጻኢ ቅዋም ምኽታል። ነዚ ቅዋም'ዚ ብምኽታል ሃገርና ምስ ወጻኢ ዓለም ዘለዋ ርክብ ከም ዝሰፍሕን ከም ዝድልድልን ምግባር።**

ሀ- ኣብ ዓለም ምስ ዘለዉ ንናጽነትን ክብርን ምዕባለን ህዝብታት ዝግህሱ፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ወተሃደራዊ ቃል ኪዳን ዘይምእታው። ብተናጸል ይኹን ብጥሙር ምስ ከም'ዚ ዝበለ ሓይሊ ወተሃደራዊ ምትእስሳራትን ዉዕላትን ዘይምግባር። ናይ ዝኾነት ከምዚ ዝኣመሰለት ሃገር ወተሃደራዊ መደበር ኣብ ሃገርና ከይምስረት ምክልኻል።

ለ. ናይ ወጻኢ ዝምድና ምስ ዝኾነት ሃገር ኣብ ማዕርነትን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓን ምክብባርን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢድ ዘይምትእትታውን ኣብ ሓባራዊ ሰላማዊ ናብራን ዝተመስረተ ይኸውን።

ሐ. ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ከባቢና ንኽሰፍንን ንረብሓታት ሓፋሽ ዝውዕል ምጣነ ሃብታዊ ምትሕግጋዝ ንምግባርን፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን ዝምድናታት ምፍጣር።

**2- ዉጹዓት ህዝብታት ዓለም ንፍትሒ፣ ንናጽነት፣ንማዕርነት፣ ንማሕበራዊ ግስጋሴ፣ ዝገብርዎ ምንቅስቓሳት ምድጋፍ፡**

ሀ- ናይ ኩሎም ናይ ወጻኢ ሓይልታት ናይ ሓይሊ ተጽዕኖን (ፖሊሲን) ተግባርን ብምቅዋም፡ ናይ ሃገርና ናጽነትን ማዕርነትን ብጥብቂ ክኸበር ምግባር።

ለ- ዓሌታውነትን ፋሽስታውነትን ግብረ-ሽበራውነትን ኣዕናዊ ኣተሓሳስባታቶምን ተግባርቶምን ብትሪ ምቅዋም።
ሐ. ኣብ ፍትሕን ማዕርነትን ዝተመሰረተ ናይ ዓለም ሰላምን ምርግጋእን ምድጋፍን። ህዝብታት ንደሞክራሲ፣ ንናይ ገዛእ ርእሶም መጻኢ ዕድል ባዕሎም ናይ ምውሳን መሰልን፡ ማሕበራዊ ግስጋሴን ዝገብርዎ ቃልሲ ምድጋፍ።
መ ንነጻን ልዑላዊትን ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሃገር ኤርትራ ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ደቂ-ሰብ ዘገልግሉ፡ ንነጻነቱን ክብሩን ዘዕቁቡ ዓለም ለኻውን ኣህጉራውን ዞባውን ዉዑላትን ስምምዓትን እትቕበልን እተኽብርትን ሃገር ትኸውን።